# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 25 ዓመት ቁ.55 | ሰሉስ 3 ሕዳር 2015 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 3
ምቁጽጻር ሕሞማት ኣብ ደገ








ገጽ 5
'ናይ መጀመርታ ጌጋኻ፣ ናይ መወዳእታ ጌጋኻ . . .'

ገጽ 6
ምስጢራት ዕውት ፍቕሪ





ገጽ 8
ኣንቶኒ ሆፕኪን


ገጽ 9
ኣድሓኖም ተዓዊቱ




# ፌስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ርያድን ከባቢኣን ተዛዚሙ

"ልምዓት ብጽንዓት" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ካብ 29 ጥቅምቲ ክካየድ ዝቐጸለ ልዕሊ 3 ሽሕ ዜጋታት ዝተሳተፍዎ ፌስቲቫል ኤርትራውያን ነበርቲ ርያድን ከባብኣን - ንጉሰት ስዑዲ ዓረብ፡ ብ31 ጥቅምቲ ብወዕወዕ ሃገራዊ ስምዒት ተዛዚሙ።

እቲ ልዑል ጥምረትን ሰሓትን ዜጋታት ዝተራእየሉን ብቐንዱ ኣብ መንእሰያትን ቈልዑን ዘተኰረ መደባት ዝጠቓለለን ፌስቲቫል፡ ሰሚናር ብዝዕባ ህልው ኩነታት ሃገር፡ ትምህርቲ ሓዚል መደባት፡ ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠትን ቅዲ-ክዳንን፡ ስፖርታዊ ንጥፈታት፡ ንያታዊ መኣብሮን ትልሂትን ብዛዕባት ኤርትራ ዘጸብርቕ መሰናድኦ ደሚቑ ከምዝቐጸለ፡ ልኡኽት ሚኒስትሪ ዜና ካብቲ ቦታ ገሊጾም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ዜጋታት ብልዑል ንቕሓት መኸተኦም ብምብራኽ፡ ገኒጋስ ልምዓት ሃገር ንምድንፋዕ ኣብርቶም ክሰርሑ መልእኽቲ ብምምሕልላፍ፡ ኣብ ዝተኻየዱ ውድድራት ንዝተዓወቱ ሽልማት ተዓዲሉ።


ከም ኣካል ናይ'ዚ ዓመታዊ ሃገራዊ ምትእኽኻብ፡ ላዕለዋይ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ - ሓላፊ ወከል ሃገራዊ ድሕነት ብርጋዴር ጀነራል ኣብርሃ ካሳ ምስ ኣባላት ህግደፍ ነበርቲ ርያድን ከባብኣን ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምንጋስን መትከሮ ህዝቢ ዘማዕብሉ ልምዓታዊ መደባት ንምዕዋትን ብዝዕባ ዝሰላሰሉ ዘለዉ ንጥፈታት ዝርዝራዊ ሓበሬታ ድሕሪ ምሃብ፡ እዚ እዋናዊ ተልእኾ'ዚ ሸቶኡ ንክወቕዕ፡ ተሳትፎኦም ኣብ ሃገራዊ መደባት ከሐይሉ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ሃገራዊ ግቡኣቶም ንኸማልኡ ከም ወትሩ ድሉዋት ምዃኖም ብምርግጋጽ፡ ጽንብል ብሩራዊ ኢያቤልዩ ናጽነት ኤርትራ ንዕኡ ብዝበቅዕ ክብርን ማዕርግን ንምጽንባል ልዑል ምድላዋት ከምዝካየዱ ኣሕፊሮም።

ብኻልእ ወገኑ፡ ኣብ ርያድ ተወሊደን ንዝዓበያ ሸሞንተ ደቁ-ኣንስትዮ፡ ኣብ ስራሕ ዓለም ኑብሰን ንኽምገዕባ ዝሕግዘን ናይ ሓደ ወርሒ ስልጠናታት ክቕስማ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብ31 ጥቅምቲ ተመሪቐን።

ኣብ'ቲ ናይ ምምራቕ ስነስርዓት፡ ኣባል ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ርያድን ከባብኣን ኣቶ ዓብደልሩሕማን ሐመድ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ መንእሰያት ብሓፈሻ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ኣብ ስራሕ ተወዳደርቲ ንክኾና ሓያል ጻዕርታት ይካየድ ከምዘሎ፡ ከም ውጽኢቱ ድማ ንኽልኦት ኣብነት ክኾና ዝኽእላ ደቂ-ኣንስትዮ ይፈርያ ምህላወን ሓቢሩ።

ሰልጠንቲ ንዝተማህርኦ ዝምስክር ሰርቲፊኬት ድሕሪ ምቕባል፡ ዝወሰድኦ ስልጠና ኣብ ሂወተን ሓደ ምዕራፍ ዝኸፍት ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ንኻልኦት ደቂ-ኣንስትዮ'ውን ክወሃብ ጸዊዐን።



# ልምዓታዊ መደባት ብኣድማዕነት ንምትግባር፡ ተራ ኣመሓደርቲ ክሕይል ኣምባሳደር መሓመድ ማንታይ ኣዘኻኺሩ

ዝወጡ ልምዓታዊ መደባት ብኣድማዕነት ንምትግባር፡ ወፋይ ተራ ኣመሓደርቲ ኣብ ውዳቤ ህዝቢ ክሕይል፡ ዋና ኣካይዲ ስራሕ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ - ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ ኣዘኻኺሩ።



ስ/ ኣሕመድ ዲ.

ምስ ሓለፍቲ ክፍልታትን ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታትን ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ፡ ንህዝቢ ዓንዲ-ማእከል ዝገበረ ስራሕ ዓወት፡ ናይ ግድን ከምዝኾነ ሓርነታዊ ተጋድሎና ህያው ኣብነት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኩሎም ሓለፍቲ ኣብ'ዚ ዓመት ዝተወጠኑ መደባት፡ መስርሕ ትግባረኦምን ዘለዉ ብልጫታትን ድኻማትን ምስ ህዝቢ ኮይኖም ክግምግሙን ንብሉጽ ስራሕ ዝሕግዝ ሓሳባት ካብ ህዝቢ ክቕበሉን ኣዘኻኺሩ።

ብሩራዊ ኢያቤል ናጽነት፡ ኣብ ዝሓለፉ 25 ናይ ናጽነት ዓመታት ዝርኣናዮ መኸተን ዝተጓናጸፍናዮ ዓወታትን ብልክዕ ብዘንጸብርቕ ምህዞኣዊ ስራሓት በዚኩበሉ ብደምቀት ንምጽንባል፡ ኣብ'ቲ ዞባ ንዝርከብ ሱበኣውን ንዋታውን ዓቕሚታት ብግቡእ ብምስታፍ ኩሉ መዳያዊ ምድላዋት ብኣጋ ክካየድ ጸዊዑ።

ኣምባሳደር መሓመድ-ሰዒድ ማንታይ ኣብ መወዳእታ፣ መትከሮ ህዝቢ ንምምሕያሽ ብዝተፈላለያ ኣካላት መንግስቲ ዝተገብረ ናይ ጥሪትን ፐዝዑበን ሓገዛት፡ ውጽኢቱ ኣብ ባይታ ብምግምጋም፡ ንዝበለጸ ውጽኢት ኣብ መጠንን ዓይነትን ናይ'ቲ ሓገዛት ክግበር ብዝዕባ ዘለዎ ብመጽናዕቲ ዝተሰነየ እማመ ክዓሎ ከምዝኾኖኽ ገሊጹ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፣ ንትግበረ ዝተዳለወ ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ንምዕዋት ዝሕግዝ ሓሳባትን ርእይቶታትን ድሕሪ ምቕራብ፣ ጽንብል መበል 25 ዓመት ናጽነት፡ ንንኣሽቱ ብዘውርሰን ንኣውረስቲ ፍናንን ሞራልን ብዝህብን ኣገባብ ንምጽንባሉ ጻዕሮም ከምዝዘይዱ ኣረጋጊጾም።

# ኤርትራ እተሳተፈቶ ዓለም-ለኻዊ ኤክስፖ ሚላኖ 2015 ተዛዚሙ

ካብ 1 ግንቦት ክሳብ 31 ጥቅምቲ ኣብ ኢጣልያ ክካየድ ዝጸንሐ ኤርትራ እተሳተፈቶ ዓለም-ለኻዊ ኤክስፖ ሚላኖ 2015፡ ልዕሊ 21 ሚልዮን በጻሕቲ ብምእንጋድ ከምእተዛዘመ፡ ካብ'ቲ ቦታ ዝጸሓፍ ሓበሬታ ኣመልኪቱ።

ኣብ'ቲ ፕረዚደንት ኢጣልያ ሰርጆ ማታሬላ ዝተረኸበሉ ናይ መዕጸዊ ስነ-ስርዓት፡ ብኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኢጣልያ ኣቶ ፍስሓጽዮን ጴጥሮስ ዝተመርሐ ልኡኽ ኤርትራ ከምእተሳተፈ ተፈሊጡ።

ኤርትራ ኣብ'ቲ ኤክስፖ፡ "ምዕንባብ ኣብ ኣጻምእ - ተመኩሮ ኤርትራ" ብዝብል ቴማ፡ ሕጽረት ማይ ኣብ ዘለዎ ከባቢታት'ውን፡ ልምዓታዊ ስራሓት ክሰላሰል ከምዝከኣል ዘንጸባርቕ ምርኢት ኣቕሪባ።

ብዘይካ'ዚ፡ መዚ መንን ኣድሓኖት ኣቶ ደብሳይ ጉብረሂወት፡ ንብልሚታት ምህዞ፡ ከቕርብ እንከሎ፡ ወጽኢት ምርምራዊ ስራሕ መንእሰይ ዳንኤል ካሕሳይ ዝኾነ ልዑል ትሕዝቶ ፕሮቲን ዘለዎ ጥንታዊ እኽሊ ዝምልከት መጽናዕታዊ ጽሑፍ፡ ብዶክተር ኤደን ታረቀ ቀሪቡ።

ጉጅለ ባህሊ ሰብሪት ድማ፡ ኣብ'ቲ ኤክስፖ ንያታዊ ትልሂታት ህዝቢ ኤርትራ ዘንጸባርቕ ምርኢት ከምዘቕረበት ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ንሰቲ፡ ጥምረትን ሓድሕዳዊ ሓልዮትን ህዝቢ ኤርትራ ዘኩልሕ ሰእላዊ ምርኢትን ሰነዳዊ ፊልምታትን፡ ወጽኢት ካልኦት ዝኾነ ፍርያት ኢደ-ጥበብ፡ ከምኡ'ውን ምስ ኤርትራ ዝላልዩ ዝተፈላለዩ ጽሑፋት፡ ገለ ካብ'ቶም ኤርትራ ዘቕረበቶም ትሕዝቶታትዮም።

እዚ ንሹዱሽተ ኣዋርሕ ዝቐጸለ ፈስቲቫል፡ ነፍሲ-ወከፍ ሃገር ብዘለዋ ጂኦ-ክሊማዊ ኩነታት፡ ኣብ ሕርሻዊ ኣገባብ መሳርሒ ተመርኲሳ፡ ብሰንኪ ክሊማዊ ለውጢ ናብ ስግኣት ንእተምርሕ ዘላ ዓለም ዘድሕን መንገድታት ንምንዳይ እተኻየደ ንጥፈታት ዘርኢ ትሕዝቶ ንምቕራብ ዝዓለመ'ዩ።

ዝቕጽል ዓለም-ለኻዊ ኤክስፖ 2020፡ ኣብ ዱባይ - ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ክካየድ ምዃኑ ተፈሊጡ'ሎ።

# ዞባ ደቡብ፡ ንውጽኢት ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዝግምግም ኣኼባ ተኻይዱ



ስ/ ቤትኤል ደርገኣለም

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ንውጽኢት ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዝግምግም ኣኼባ፡ ብ26 ጥቅምቲ ኣብ ከተማ መንደፈራ ተኻይዱ።

ኣብ'ቲ ሱፐርቫይዘራትን ርእሰ መምህራንን ዝተረኸብሉ ገምጋም፡ ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ደቡብ ኣወሃሃዲ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ መምህር ኣስመሮም ሰሲኖስ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2014/2015 ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ካብ ዝተሳተፉ 15,235 ተመሃሮ፡ እቶም 64 ሚእታዊት ከምዝሓለፉ ሓቢሩ።

መምህር ኣስመሮም ኣስዒቡ፡ ኣብ መስርሕ ናይ'ቲ ዝተኻየደ መርመራ ዝነበረ ድኽመታትን ብልጫታትን ድሕሪ ምዝርዛር፡ ወጽኢት ተመሃሮ ንምምሕያሽ፡ ሱፐርቫይዘራት ኣበርቲዖም ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ዝተኣታተወ ሓደስቲ ኣረምቲ ማሽናት፡ ንዝጸንሐ ሃልኪን ምድንጓያትን ብምቕላሉ፡ ጽፉፍን ወጽኢታውን ስራሕ ክዕመም ከምእተኻእለ ካብ ኣሃዱ ምዘና መርመራ 8ይ ክፍሊን መምህር ሃብተ ኣስፋሃ ጠቒሱ፡ ኣቐዲሙ ተመሃሮ ዓቕሞም ንምፍታሽ ዝወሃብ መዳለዊ ፈተና ኣገዳሲ ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ "ወጽኢት ተመሃሮ ኣብ ኣካይዳን ኣተሓሕዛን ኣቢየተ- ትምህርቲ ስለዝምርኮሱ፡ ነፍሲ-ወከፍ ቤት-ትምህርቲ ተመሃሮኣ ብግቡእ ክትምልምልን ክተማእዝንን፡ ተወሳኺ ትምህርቲ ኣብ ምምሕያሽ ብቕዓት ሓጋዚ ስለዝኾነ ክድፈኣሉ፡ ከምኡ'ውን መምህራን ኣብ ኣተሓሕዛ ተፈተንቲ ሓላፍነታውያን ክኾኑ" ዝብሉ ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ኣብ መወዳእታ፡ ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ደቡብ ኣቶ ህብትዝጊ ኪዳነ፡ ኣብ'ዚ ዓመት ዝተረኸበ ወጽኢት፡ ካብ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ምምሕያሽ'ኳ እንተርኣየ፡ ኹሉ ሓያል ጻዕሪ መምህራንን ወለድን ከምዘድሊ ብምሕባር፡ ብሉጽ ወጽኢት ዘምጽኡ ተመሃሮ ክተባብዑ ምዃኖም ኣፍሊጡ።

## ኣገደስቲ ቴሌፎናት

ሆስፒታል ሓሊበት
18 54 00

ሆስፒታል ኦሮታ
20 19 17

ፖሊስ ኤርትራ
12 77 99

ኮርፖሬሽን ኤለትሪክ ሰቲ
12 22 22

ፋርማሲያ ቁ. 1
127585

መጥፋእቲ ሓዊ
202099

## ለሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ካርቱን |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ጉዳይ ኣብ ዘተ |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ሕዋራት |
| 14:15 | HAPPY FAMILY E-23 |
| 15:05 | ኖራት |
| 15:55 | News highlights |
| 16:10 | ደክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 17:20 | ኣብዚ ሰሙን'ዚ |
| 17:55 | Doc/Film |
| 18:20 | Hot tracks |
| 19:00 | ዜና ትግረ |
| 19:20 | HAPPY FAMILY E-24 |
| 20:00 | ዜና ዓረብ |
| 20:20 | ህድግ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:30 | ስፖርት |
| 22:15 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:30 | DOC/FILM |
| 23:00 | ህርመት |


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ኣሰናዳኢ
ሳምሶን ሃይለ
ቍ.ስ 116266/201820(2220)

ም/ኣሰናዳኢ
ብንያም ፍስሃጽዮን
ቍ.ስ 201820(2217)
ፋክስ፡ 127749 - ቍ.ሳ.ጳ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ. 200454-07121322

ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጳ. 1284

ለይ-ኣውት
ኤደን ሃብተኣብ
ሳምራዊት መለስ
ምስጋና ተዓገስ
ኣስቴር ካሕሳይ
ሰላም ክፍለማርያም

## ቁጠባን ልምዓት

# ምቁጽጻር ሕማማት ኣብ ድግ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ኣብ ንኡስ ዞባ ድግ ሓንቲ ማእከል ጥዕናን ሓሙሽተ መደበር ጥዕናን ተኸፊተን ኣብ ሽዱሽተ ምምሕዳር ከባቢታት ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ይርከባ። እታ ማእከል ጥዕና ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ሓሻንኪቶ - ትምራይብ ዝተደኩነት ኩይና፡ ንሰለስተ ምምሕዳር ከባቢታታ ማለት ሓሻንኪቶ፡ ላዕትን ጅሚልን ተገልግል። ብተወሳኺ፡ ኣዳራትን ቃካውዳን ናይ ንኡስ ዞባ ጎኖውን ኣብኡ ስለ ዝቐርባ ኣብዛ ማእከል ጥዕና ኣገልግሎት ይረኽባ'የን። ብተወሳኺ፡ እዛ መደበር ጥዕና ተደኩናቶ ዘላ ቦታ ማእከላይ ብምዃኑ፡ "ሪፈር" ተባሂሎም ንዝመጹና ሕሙማት'ውን ኣገልግሎት ትህብ'ያ። ብመሰረት ሓበሬታ ረጀስተር ነርስ ወልደኣብ ተስፋማርያም፡ እታ ማእከል ጥዕና፡ ሓንቲ ማእከል ጥዕና ክትሕዞ ዝግባእ መሳርሒታትን ዓይነት መርመራታትን ዝዓጠቐት ኩይና፡ ዝተፈላለዩ ኣግልግሎታት - ከም ኣገልግሎት ተመላለስቲ ሕሙማት ናይ ዓበይቲን ንኣሽቱን፡ ኣገልግሎት ደቂሶም ዝሕከሙ ሕሙማት፡ ኣገልግሎት ላቦራቶሪ፡ ኣገልግሎት ፋርማሲ፡ ኣገልግሎት ክታበት ህጻናት፡ ኣገልግሎት ምክልኻል ዓሶ፡ ኣገልግሎት ናይ መግቢ ፍወሳ ካልኦትን ከምእትህብ ገለጹ። በዚ መሰረት፡ መዓልታዊ ክሳብ 60 ሕሙማት ኣገልግሎት ከምዝህቡ ይህቡ።

ማእከል ጥዕና ሓሻንኪቶ፡ ኣብ ዓቕሚ ሰብ ሕጽረት ከምዘለዎ ዝጠቐሰ ረጀስተር ነርስ ወልደኣብ፡ ኣብ ቀረብ መድሃኒት ግና እኹል ከምዘሎ'ዩ ዘረድኡ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ'ቲ ቦታ ኤሌክትሪካዊ ጸዓት ስለዘየለ፡ እታ ማእከል ጥዕና ብጹሓዊ ጸዓት'ያ ናይ 24 ሰዓታት ኣገልግሎት ትርከብ ዘሎ። ስለዚ፡ ብመዓይ ጸዓት ብዙሕ ጸገም ከምዝይብላ ረጀስተር ነርስ ወልደኣብ ይገልጽ። ኣብቲ ከባቢ ዝርኣዩ ቀንዲ ሕማማት ከም ሰዓል (ብውሑድ ዓቐን)፡ ረኽሲ ሸንቲ፡ ነድሪ ከስዐ ሕማም መላግቦ ሓፍናት. . . ምኽንያቱ ብምግላጽ ከኣ እቲ ዝዓበየ ኣተኩሮ ሂቦም ዝሰርሕሉ ዘለዉ ኣብ ምክልኻል እዞም ዝተጠቐሱ ሕማማት ኩይኑ፡ ኣብ ተቓማጦ ናይ ለውጢ ባህሪ ንምምጻእ ዝተፈላለዩ ኣስተምህሮታት ብምሃብ ከም ዝገብሩ ሓቢሩ። ሳላ ዝተኻየደ ሓያል ጻዕሪ ድማ፡ ሕማም ዓሶ ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመታት ኣብ ሓሙሻይ ደረጃ ዝሰራዕ ዝነበረ፡ ኣብዚ ዓመት'ዚ ግን ዳርጋ የለን ክበሃል ከም ዝኸእል ከም ኣብሉ ገለጸ። ከምኡ'ውን ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ነቶም ርሑቕ ዓዲታት ዝገልግላ ክልተ ኣምቡላንስ ተመዲበን ኣገልግሎት ይህባ ኣለዋ።

"ቀንዲ ስራሕ ናይ'ዚ ትካል ኣብ ኣገልግሎት ጥንሲን ሕርስን ዘተኮረ'ዩ። ብፍላይ ነተን ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ዝርከባ ኣደታት፡ ግቡእ ምኽትታል ኣና ንገብረለን። ኩነታተን ካብ ዓቕምና ንላዕሊ ምስ ዝኸውን ናብ ሆስፒታል ኣቐርደት ስለ እንሰደን ከም ውጺኢቱ ኣብዚ ንኡስ ዞባ ሞት ኣደን ዕሸልን የለን። ስለዚ፡ ኣብ ኣገልግሎት ሕርስን ጥንስን ሚእቲ ካብ ሚእቲ ናይ ባህሪ ለውጢ መጺኡ ኣሎ በሃልቲ ኢና" ኢሉ። ሓኪይም ናይዞን ትካላት ጥዕና፡ ኣብ ኩለን ምምሕዳር ከባቢታት እናዘሩ ኣብ ምኽትታል ነፍሰጾራትን ቁልዑን ዘድሊ ሕክምና ስለዝገብሩ፡ ዕዉት ውጽኢት ተመዝጊቡ ከምዘሎ ገለጸ። ንሱ ኣስዒቡ፡ ኣብ መዓይ ክታበት ህጻናት'ውን እንተኾነ ዳርጋ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ተዓዊቶምሉ ከምዘለዉ ጠቒሱ፡ ብጹታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ከኣ ከምዝይርኣዩ ገለጸ። እዚ ኹሉ ውጽኢቲ ብውህድ ጻዕሪ ናይ ምምሕዳርን ናይዚ ትካልን ዝመጸ ምዃኑ ከኣ ኣብሪሁ።

መደበር ጥዕና ተኸረረት ኣብ 1995 እያ ተመስሪታ። ክሳብ 1999 ድማ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ጥዕና ጥራይ'ያ ትህብ ነይራ። ብፍላይ ምስቲ ምንካይ ሞት ኣደን ህጻናን ዝብል መምርሒ ሚኒስትሪ ጥዕና ክሰጻር ከሎ ትሑት'ዩ ነይሩ። ብዘተኻየደ ሓያል ጻዕሪ ግና ሎሚ ሓደ ትካል ጥዕና ክሕዞ ዝግባእ መሳርሒታት ሓቒፉ ትርከብ። ብመሰረት ሓበሬታ ነርስ ክኢላ መወልዳን ታደሰ ወልደገብርኤል፡ እዛ መደበር ጥዕና ንኽልተ ምምሕዳር ከባቢታት - ተኸረረትን ዓዲ ሸኽ ኣልኣሚን ኣገልግሎት እትህብ። ኣስታት 10 ሽሕ ህዝቢ ድማ ይግልገሉላ። ገለ ካብቶም እትህቦም ኣገልግሎታት፡ ቅድምን ድሕርን ሕርሲ፡ ምኽትታል ኣደታትን ዕሸልን፡ ዝተፈላለዩ መርመራታት፡ ወለንታዊ መርመራ HIV ወዘተ ይውሃቡ። ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ተኸረረት ዝርኣዩ ሕማማት፡ ከም ላዕላዋይን ታሕታዋይን ስርዓት ምስትንፋስ፡ ውጽኣት፡ ዓሶ (ብውሑድ ዓቐን)፡ ስርዓት ምሕቃቕ መግቢ (ጋስትራይት) ሕማማት ኩይኖም ንምግታእምን ንምጥፋእምን ቀጻሊ ትምህርቲን ንቕሓትን'ዩ ዝካየድ።

ኣብታ መደበር ጥዕና ኣስታት 18 ዓመታት ሰሪሑ ዘሎ ነርስ ክኢላ መወልዳን ታደሰ፡ ኣብታ መደበር ጥዕና ምስ ተመደበ ብዙሕ ጸገማት ከምዝጸንሑ'ዩ ዝሕብር። ነቲ ዝነበረ ጸገም ንምፍታሕ ምስ ምምሕዳር ብምርድዳእ ከኣ ቀንዲ ርክቦም ምስ ህዝቢ ገይሮም ኣብ ሕክምና ዘሎ መረዳእታ ዘዕቢ ንጥፈታት'ዮም ኣሐይሎም። ህዝቢ ኣፍልጦኡ ብዛዕባ ጥንስን ክንክን ህጻናን ክሰፍሕ ኣለዎ ብምባል ከኣ፡ በበጉጅለ ተኸፋፊሎም ናብ ዓዲታትን ብምእትእትታው፡ ዕዉት ኣስተምህሮ ኣካይዶም። ብፍላይ ካብ 2001 ክሳብ 2003 ጽዑቕ ንጥፈታት ስለ ዘካየዱ ተዓዊትና በሃልቲ'ዮም። ጸብጻብ ናይቲ መደበር ጥዕና ከም ዘመልክቶ፡ ኣብ 1998፡ 18 ኣደታት ጥራይ'የን ኣብ ትካል ጥዕና ሓሪሰን። ንሳተን'ውን ኣብ ገዛኤን ክሓርሳ ዘይክእላን ጸገማት ዘጋጠመንን ዝነበራ ደኣ'ምበር፡ ኣብ ትካል ጥዕና ክሓርሳ ከምዘለወን ስለዝኣመና ከምዘይኮነ ነርስ ክኢላ መወልዳን ታደሰ ወልደገብርኤል የረድእ።

"ምስ ግዜ ግና ኣብ ገዛ ምሕራስ ዘለዎ ጉድኣት እንታይ ምዃኑ ብጽዑቕ ገለጽናሉ ኢና። ብፍላይ ንልምዳውያን ኣሕረስቲ ኣደታት ምስ ምምሕዳር ብምርድዳእ ኣብ ገዛ ከየሕርሳ ነጊርናየን። ንዘሽሉት እተሓርስ ኣደ ናብ ትካል ጥዕና ሒዘናኣ ክመጻ ከምዘለወን ድማ ሓቢርናየን" ዝበለ ነርስ ታደሰ፡ ከም ውጽኢቱ ኣደታትን ልምዳውያን መሕረስቲን ኣብ ትካል ጥዕና ምሕራስ ዘለዎ ረብሓ ብግቡእ ስለዝተረድኣ፡ ሎሚ ዳርጋ ኩለን ኣደታት ኣብ ሕክምና ክሓርሳ በቓዐ ከምዝለዋ ይሕብር። ጸብጻብ ሰለስተ ርብዒ 2015 ከምዘርእዮ ከኣ፡ 91% ኣደታት ኣብ ትካል ጥዕና ሓሪሰን ኣለዋ።

"ኣብ ክንክን ኣደን ህጻናን ኣዚና ተወንጪፍና ኣለና፡" ዝበለ ነርስ ታደሰ፡ ኩለን ኣደታት ኣብ ትካል ጥዕና ከም ዝሓርሳ ንምግባር ጻዕርም ከምዝሐይሉ ኣረዲኡ።

ቀረብ መድሃኒት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተመሓየሸ መጺኡ ኣሎ። ማዕረ ማዕረኡ'ውን ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ተኸረረት ዕዉት ክታበት ህጻናት ተኻዪዱ'ዩ። ኩሎም ህጻናት ውልድ ምስ በሉ ዘድልዮም ክታበት ብስሩዕ ከም ዝወስዱ ይግበር ከምዘሎ ከኣ ነርስ ታደሰ ይገልጽ። ብዘይካ'ዚ፡ ከም ውጽኢት ናይ'ቲ ዝወሃብ ዘሎ ኣገልግሎት ጥዕና፡ ባህላዊ ኣፈዋውሳ'ውን እናተረፈ ይመጽእ ከምዘሎ'ዩ ዝገለጸ። ንኣብነት፡ እቲ ሰዓል ሓሚሙ፡ ቅርጸት ሓሚሙ፡ ወይቦ ሓሚሙ እናተባህለ ዝካየድ ዝነበረ መትኮሳ ሎሚ ተሪፉ ይርከብ። ከምኡ'ውን ኣብ ዝተፈላለየ ኣካላት ዝካየድ ዝነበረ ምጥባሕ ወይ ምጭንዳሕ ኣሰሩ ጠፊኡ'ዩ። መንቅሕቃሕታ ህዝቢ'ውን በርኺ ኣሎ። እዚ ኹሉ ዓወት፡ ምምሕዳርን ኣባላት ሕክምናን ካብ ሕብረተሰብ ሓቀኛ ኣበርክቶ እናመጽኡ ሳላ ዝካየድዎ ንጥፈታት'ዩ ተረኺቡ።

መርዓ ትሕቲ ዕድመ'ውን ኣካል ናይ'ቲ ዝተኻየደ ንጥፈታት'ዩ ነይሩ። ብፍላይ ካብ 2001-2003፡ ምስ ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ከምኡ'ውን ምስ ፕሮጀክት ሃምሰት ብምዃን ተሰሪሖሉ'ዩ። መርዓ ትሕቲ ዕድመ ዘለዎ ጥዕናዊ ሳዕቤንን ማሕበራዊ ተጽእኖን ንህዝቢ ብቐጻሊ ከም ተገሊጹሉ ዝገለጸ ነርስ ታደሰ፡ ብሳላኡ ተመሓይሹ ከምዝርከብ ኣረዲኡ። ሎሚ ብዘይ ናይ ኤች.ኣይ.ቪ. መርመራ ዝግበር መርዓ ስለዘየለ፡ መርዓ ትሕቲ ዕድመ መዕገቲ ተገይሩሉ ኣሎ።

ተቓማጦ ምምሕዳር ከባቢ ተኸረረት ጽሩይ ማይ ምእንቲ ክረኽቡ ብወገን ምኽትታል ስለዝግበር፡ ኣባላት ሕክምና ወርሓዊ ናብ ነቕጣታት ማይ ብምኻድ መርመራ የካይዱ'ዮም።

ኣብዚ እዋን ሳዕቤናት ምኽንሻብ ደቂ ኣንስትዮ ንህዝቢ ብግቡእ ስለ ዝተገለጸሉ፡ እቲ ተርእዮ ዳርጋ የለን ክበሃል ከምዝከኣል'ዩ ዝገለጸ። ብዛዕባ ምኽንሻብ ዓለንስተይቲ ብደረጃ ዞባ ኣብ 2012 ኣብ ምምሕዳር ተኸረረት ሓደ ዋዕላ ተኻይዱ'ዩ። ኣብ'ቲ ዋዕላ ድማ ንኡስ ዞባ ድግ ኣብ 2018 ካብ ክሽቦ ናጻ ክትከውን ኣለዋ ዝብል ጭርሖ ሒዘና ከም ዕላማ ትሰርሕ ከምዘላ ነርስ ታደሰ ይሕብር።

ኣብ መወዳእታ ነርስ ክኢላ መወልዳን ታደሰ ወልደገብርኤል፡ መደበር ጥዕና ተኸረረት ኣርባዕተ ዓበይቲ ብድሆታት ከም ዘለዋ ጠቒሱ፡ ንሳቶም ድማ ቀዳማይ ዋሕዲ ሰራሕተኛታት ወይ ኣባላት፡ ካልኣይ ዋሕዲ ቀረብ ማይ፡ ሳልሳይ ድማ ምጽጋን መደበር ጥዕና ምዃኖም ብምብራህ፡ ዝምልከቶ ኣካል ቀላሕታ ክገብረላ ተላብዩ።





ረጀስተር ነርስ ወልደኣብ ተስፋማርያም



ነርስ ታደሰ ወልደገብርኤል



# ሕዝቢ

ፍናን መሓሪ

## እንቋዕ ኣብቅዓኩም!

መጋበሲ ርእይቶይ እቲ ኣብ መንነ ዓድታት ገደለን ጓቓትን ንልዕሊ 80 ዓመት ዝወሰደ ክርክር ናይ መሬት ብዕርቂ ተፈቲሑ ዝብል ዜና ምስ ሰማዕኩ መግለጺ ሓጎሰይ ንምዕራግን እተን ብሰንኪ ምስሕሓብ መሬት ኣብ መንጎ ዘለዋ ካልኦት ዓድታት ኣሰረን ክስዕባ ንምዝኽኻርን እዩ።

እቲ ኣብ መንነ ገደለን ጓቓትን ተፈጺሙን ኣብ ሰነድ ተኸቲሙን ዘሎ ስምምዕ እቶም ሓያለ ዓመታት ንዕርቂ ከም እኽለ ማይ ሃረር ክብልዋ ዝጸንሑ ተወላዶ ክልቲአን ዓድታት ንዕርቂ ልዕሊ ዝኾነ ነገር ቅሩብነቶም ብግብሪ ስለዘረጋገጹላ፡ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን፡ ምምሕዳር ዞባ ደቡብ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ እግርን ጎሎን፡ ዒላን ጋብላን ምስ ሽማግለታት ዕርቂ ብምትሕግጋዝ ብምሕዝነትም ዘይሕለል ጻዕርን ውሕሉል ኣተኣላልያን ስለዘበርከቱ እዮም። እዚ ኣብ መንነ ገደለን ጓቓትን ተፈጺሙ ዘሎ ዕርቂ መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ኣብ ዓዲ ከፈለት ን9 ዓመታት ዝጸንሐ፡ ኣብ ዓመጺ ኣብ መንነ ደቂ ዓዲ ዝጸንሐ ናይ መሬት ክርክር ብዕርቂ ደቂሱ ምንባሩ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኑቶም ዕርቂ ንምውራድ ዘይሕለል ጻዕሪ ዘካየዱን ኣብ መፈጸምታኡ ዘበጽሑን ሽማግለታት ዕርቕን ኣካላት መንግስትን ብኣውራኡ ድማ ኑቶም ንልዕሊ 80 ዓመት ኣብ ዘይምርድዳእ ዝጸንሑ "እንቋዕ ንዕርቂ ኣብቅዓኩም! የሃና!" ክብሎም እፈቱ። ኑተን ካልኦት ኣብ መስርሕ ሽምግልና ዘለዋ ዓድታት ንሽማግለታት ዕርቂ ዓወት ክህቦም፡ ንዕአን ድማ ዕርቂ ክፈጥረለን እምነየለን።

ተኪኤ ደባስ መንደፈራ
ሃብተገርግሽ ሃ/ማርያም(ቦቻ)
ኣስመራ

## ጉድለት ንቕሓት'ዩ ዶ ክንብሎ?

ክፍሊ ጽሬትን ሳኒተሽንን ዞባ ማእከል ናይ ጎሓፍ መካይንን ዓቕሚ ሰብን መዲቡ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኣስመራ ሰሙናዊ ጎሓፍ ክልዕል ደርኡ እዩ። እዚ ድማ ጽሬት ሓንቲ ስድራቤት፡ ብኡ ኣቢልካ ከባቢ ኣብ ምሕላው ዝህልዎ ተራ ኣዝዩ ዕዙዝ እዩ። ህዝቢ ዝ.ሃናጺ ኣገባብን ኣሰራርሓን ከም ባህሊ ስለዝተቐበሎ፡ ናይ ጎሓፍ መኪና ትመጸሉ ዕለትን ሰዓትን ኣጣሊሉ፡ ኣኪቡዎ ዝቐጸ ጎሓፍ ኣብ ኣፍደገ ገዛኡ ከም ቀንዲ ዋኒኑ ሒዙዎ ደርኩቡ። መጋበሲ ርእይቶይ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ሓደ ንኣእምሮይ ቅሳነት ዝኸልእ ክዕዘብ ብምጽንሐይን ብምህላወይን እዩ። ትዕዝብተይ ትዕዝብቲ ብዙሓት ከምዝኸውን ከኣ እግምግም።

ቅድሚ ሰለስተ ኣርባዕተ ቅነ ኣቢሉ'ዩ። ኣብ ከባቢ ደኻን ተስፋማርያም - ሰታንታ ኦቶ፡ ጥቓ ማሕበድ መኪና ጎሓፍ ኣብቲ ከባቢ ኣብ ሰሩዕ መዓልታ ሰለ ዘይተንቀሳቐሰት፡ እተን ክጉሕፉ ክጸበያኣ ዝርፈዳ ኣሕዋትናን ኣደታትናን ጎሓፈን ኣብቲ ሰጣሕ ጎልጎልን ጸርግያን ሓዲገናኦ ናብ ቤተን ሰለዝኸዳ እቲ ጎሓፍ ክሳብ ዝበዓበ ሰሙን ኣብኡ ተሰጢሑ ቀንዩ።

ኣብዚ ዝበረሚ ጥራይ ዘይኮነ ኣዝዩ ዘተሓሳስብ፡ ናይ'ተን ጎሓፈን ደርብየን ዝኸዳ ብዙሓት ኣሓትና ኮይኑ፡ እቲ ጎሓፍ ተመሊሱ ንስድራቤተንን ከባብአንን ከምዝበክል ክርድኣ ዘይምኽኣለን እዩ። እቲ ጎሓፍ ዋላ ድኣ ካብ ገዝአን ይውጻእ እምበር፡ ኣብ ከባብአን ክሳብ ዝሃለወ ንሰን ኮነ ደቀን ካብ ሕማማት ናጻ ክኾና ዝኽእላ ኣይኮናን። ጽያፍካ ኣብ ጎደና ንመዓልታት ደርቢኻ ምቕናይ እምበኣር ብናተይ ገምጋም ንትሑት ንቕሓት ተግባርቱ ዘጽር'ዩ።

እምበኣር ከምዚ ዓይነት ዘይሓላፍነታውን ንተግባራኡ ዘስምትን ተርእዮ ከይስዕርር ቅልጡፍ መፍትሒ ዘድልዮ እዩ። ፈለማ እተን ጽያፈን ኣብ ጎኣና ጉቲተን ዝኸዳ ሰባት ንቕሓተን ክበርኻ ይግባእ። እቲ ዝርኢ ሰብ ድማ ዓገብ ክብል ሓላፍነቱ'ዩ። ልዕሊ ኹሉ ግን፡ እታ ናይ ጎሓፍ መኪና ኣብ ሰዓታን መዓልታን ንህዝቢ ኣገልግሎት እትህበሉ መገዲ ኣብ ምፍጣር ምምሕዳር ዞባ ማእከል ክሓስበሉ ይግባእ።

መሓመድ - ሰታንታኦቶ

## "ኣይ ቁልዑ እንድዮም ጸገም ዝኾኑ ዘለዉ!



ሸሞንተ ኣኽላባት ዝሓዘት ጉጅለ ኣብ ማእከል ሹቕ!

ንፋሉል ኣኽላባት ዝምልከት ርእይቶታት ኣብ ዝሓለፈ ሕታማት ወጺኡ ምንባሩ ዝዝከር ኮይኑ፡ ኣነውን ካብ ውህሉል ተሞክሮይ ገለ ቁልዑ ቀንዲ ጠንቂ ምርባሕ ዋና ዘይብሎም ኣኽላባት ይኾኑ ከምዝለዉ ክገልጽ ስለዝደለኹ፡ እኔኹ ብርዐይ ኣዋዲደ። እዞም እትርእዩዎም ዘሎኹም ዋና ዘይብሎም ኣኽላባት፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣባሻውል ከባቢ እንዳ ሚኒባስ ዝተጋጠሙኒ እዮም። ኣብ ጸጸራት፡ ማይ ጭሆት ከባቢ ቤ/ት ፊንላንድ ሚስዮን ዝዘውሩ፣ ተዓኪሊሎምን ተኾኺሊሎምን ዝውዕሉ ስልኩያት ኣኽላባት ዝርኩበዎም ምስ ቁልዑ ሸምበል ክበሉ ዝጻርቦም ውሑዳት ኣይኮኑን።

ገለ ቁልዑ ዝተፈላለየ ሜላታትን ኣገባባትን እናተጠቐሙ እዮም ዞም ኣኽላባት ዘፋርይዎም። ዝኸፈልዎ ደሞዝ ስለዘይብሎም ሓደ ካብ'ቲ ዝጥቀሙሉ "ጋንታ ሓገዝ" እናበሉ ምእካብን ስጋ ከልቢ እናገዝኡ ምቕላብን እዩ። ወረያ ዝገብሩሎም ስፖርታዊ ዕጥቂ ክገዝኡሉ እናተጸበዩዎም ንሕሙማት ይኾኑ ጥዑያት ከየጣለሉ ስጋ ብስም "ጋንታ ሓገዝ" ኢሎም ዝኣከብዎ ስጋ ከልቢ ክገዝእዎስ ብምንታይ ክግለጽ ይከኣል?

ቁልዑ ንሱ ጥራይ ኣይኮነን ኣበርም? ኣባላት ምምሕዳር ዞባ ኑቶም ኣኽላባት ክሕዝዎም ኣብ ዝፍትኑሉ ብኣእማን ሹር እናበሉ ምስራሕ ክኸልእዎም ጥራይ ዘይኮኑ፡ ንዝኸላ ክስሕትዎም ዝርእዩሉ እዋናት ውሑድ ኣይኮነን። እቶም ኣባላት ምምሕዳር ዞባ ዝኾነ ዝጥቀምሉ ዕጥቂ መከላኸሊ (ማስከራ) ስለዘይብሎም፡ እቶም ቁልዑ ጉድኣት ከየውርዱሎም ዘሰክፍ እዩ።

ጠንቂ ምርባሕ ፋሉል ኣኽላባት ንኣሽቱ ደቅና ይኾኑ ካብ ሃለዉ፡ ብዘወሳኺ ኣባላት ምምሕዳር ዞባ ወይ ከተማ ንስራሕ ኣብ ዝዋፈሩሉ ኣእማን እናደርበዩ ካብ ስርሖም ዘተዓናቕፍዎም እንተኾይኖም፡ ትም ኢልና ክንርኢ ይግባእ ዲዩ!? እቲ ቦታ ፍጹም ንግዚኡ ካብ ምጥቃሱ ብምቁጣብ፡ ኣብ'ዚ ቀረባ ግዜ ዘጋጠመኒ ትዕዝብተይ ክፍልፍል። ናይ ንግሆ እዩ ነይሩ እቲ ዝወፈሩሉ ሰዓት። እቶም ኣባላት ምምሕዳር ኣኽላባት እናለቀሙ ከለዉ ገለኦም ቁልዑ ንስርሖም ክዘርጉ ብዳርባ እምኒ ክሶሃልዎም ኣብ ዝጀመሩሉ ስርሖም ጉዱፎም ኣብ ርእሲ ምክልኻል እዮም ኣትዮም። እዚ ዝመዝመዞ እቶም ካልኦት ቁልዑ ኑቶም ኣኽላባት ከህድምዎም ግዜ ኣይወሰዱን። ኣብቲ ግዜ ዝኾነ ኑዳዲን ብላሽ ዝጠፍአ ግዜን ቀሊል ኣይነበረን!

ሕክምና ወሲዱ ዘርእዮም ክሳብ ዘየሎ ሕማም ዕቡድ ከልቢ ክህልዎም ተኽእሎ ከምዘሎ ክንግምቶ ዘሎና ኮይኑ፡ ቁልዑ ምስ ኣኽላባት ኪገጥምዎን ክንጸዮን እናረኣና ከምዚይረኣና ንምንታይ ንነዓዝ? ኣይንሰግኣሎምን ዲና'ኽ?!

ስለዚ ኣውራ ወለዲ ጉዳይ ናይዞ'ም ገና ንቕሓቶም ዘይበረኸ ንኣሽቱ ደቅና ኣብርቲዕና ክንሰርሓሉ ዘሎና እዩ። ክንዕውተሉ እንተኾይንና ድማ ንደቅና ብዓበኡ ብሕማም ዕቡድ ከልቢ ከይጥቅዑ ንሕማምን ሞትን ከይቃልዑን ኣረዲእና ካብ ምፍራይ ክቑጠቡ፡ ምምሕዳር ዞባ ክለቕምዎም ከለዉ ኣብ ጎድኖም ንኽሰለፉ ከነንቅሖም ናይ ኩላትና ሓላፍነት ምዃኑ ከዘኻኽር እደሊ።

ኣንገሶም ተዓገስ
ዕዳጋ ሓሙስ
ሰምረት ምም/ ጸጸራት

## ህዝባዊ መጓዓዝያ ዞባ ማእከል እንተዝፍትሾ

መጋበሲ ጽሑፈይ መስመር ሜዳ ኤርትራ ሰምበል እዩ። ከም ዝፍለጥ በዚ መስመር ኣገልግሎት ክህባ ዝተመደባ ቁ. 9ን 12ን እየን። ናብ ሆስፒታል ቅድስቲ ማርያም ኣብ ዝወስድ ጽርግያ ብርክት ዝበሉ ፈርማታታት ከምዝነበሩ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ እታ ናይ መወዳእታ ፈርማታ ዝነበረት ኣብዚ ግዜ እዚ ኣገልግሎት ትህብ የላን። ንሳ ተሪፋ ተሳፋሪ ኣብ ከባቢ ሆስፒታል ቅድስቲ ማርያም ከምዝወርድ ተገይሩ ኣሎ።

ልክዕ እዩ ኒቲ ሕሙም ክርኢ ይኹን ክሕከም ናብ ሆስፒታል ቅድስቲ ማርያም ዝመላለስ ዓቢ ፍታሕ ኮይኑ ኣሎ። እንተኾነ እታ ቅድሚ ሕጂ ከም ናይ መወዳእታ ፈርማታ ብምዃን እተገልግል ዝነበረት ብምትራፉ፡ ኣብ እንዳ ቦንዱ እንዳ ሰገን ዝዕበር ብዓበኡ ኣብቲ ከባቢ ዝቕመጥ ክሸገር ጸኒሑን ኣሎ። ህላወ ናይዛ ፈርማታ ነቲ ኣብዘን ክጠቕሰን ዝጸናሕኩ ቦታታት ዝዕበር ዓቢ ሓገዝ እዩ ዝሁብ ነይሩ። ብዝዕባ እዛ ኣቋረጸ ዘላ ፈርማታ ህዝባዊ መጓዓዝያ ዞባ ማእከል ኣገልግሎታ ዳግም እትህበሉ ኩነታት ክፈጥር ርእይቶና ነቕርብ።

ካልእ ንኣንፈይ ዝተዓዘብኩዎ፡ ንህዝቢ ከመላልሳ ዝተመደባ ኣውቶቡሳት፡ ኣብ ገለ እዋን ሰለስተ ቁ.9 ዝቑጽረን ኣውቶቡሳት ተመራሪሐን ዝመጻሉ እዋን ኣሎ። ብምንታይ ምኽንያት እየን ተመራሪሐን ዝመጻ? እቲ ሕቶ ናብ መራሕቲ መካይን ኮንትሮሎ ብምቕናዕ ባዕሎም ክምልስዎ ናብኦም ኣሓድጎ። እዚ ሓደ ካብቲ ዝርኣ ጸገም ኮይኑ፡ እቲ ካልኣይ ዝዓበየ ጸገም ፈርማታታት ጥሒስካ ንተሳፈርቲ ረገጺካ ምሕላፍ እዩ። ንኣብነት ኣብ ከባቢ ካምቦ ፖሊስ መጸበዪ ኣውቶቡስ ኣሎ። መራሕቲ ኣውቶቡሳት ነዛ ፈርማታ ብዘይዳጋገሚ ረጊጾማ ክኸዱ ኣስተውዒለ ኣሎኹ።

እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ፈርማታ ጠጥሒስካ ናይ ምኻድ ተርእዮታት፡ ኣብ ዝተፈላለየ መስመራት ዞባ ማእከል ዘጋጥም ኮይኑ፡ ኣብዛ ፈርማታ ዝርኣ ግን ፍልይ ዝበለ እዩ። ብኡ መንጸር ንጹሓይን ንፋስን ዝፍረድ፡ ካብ ስርሑን ዋኒኑን በኹሩ ኣደዳ ትጸበት ዝኸውን ተሳፋሪ ውሑድ ኣይኮነን። ህዝባዊ መጓዓዝያ ዞባ ማእከል እምበኣር እዚ ምስ ፈርማታታት ተኣሳሲሩ ዝርኣ ዘሎ ጸገማት ፈቲሹ ዝግባእ መልሱ ተግባር ክህበሉ እዘኻኽር።

ተኽለ ተስፋይ - ሰምበል
ሰዒድ ዑስማን




# ‘ናይ መጀመርታ ጌጋኻ፡ ናይ መወዳእታ ጌጋኻ . . .’

መሓመድ እድሪስ መሓመድ

ኣብ 1981፡ ብርክት ዝበልና ተዓለምቲ ካብ ዝተፈላለየ ቦታታት ናብ ሓሰታ ምስ መጻእና፡ ሓንቲ ጋንታ ደቂ-ተባዕትዮ ከምኡ'ውን ሓይሊ እትኾውን ደቂ-ኣንስትዮ ክዕለሙ ጀሚሮምና። ሓሰታ፡ ካብ ግንባር ኣዝዩ ርሒቕቲ እንተኾነት'ኳ፡ ኣብ መንጎ ባርካን ሳሕልን ኣብ ዝግበር ምንቅስቓስ፡ ከም መዕረፊ ኣገዳሲት ቦታ እያ ዝነበረት። ኣብ ከባቢ ሓሰታ፡ እንዳ ሰንቂ፡ ክፍሊ ታዕሊም፡ ምወፋር፡ እንዳ ኑዩዪ. . . ነበረ። እዛ ሓንቲ ካብ ደጀናት ህዝባዊ ግንባር ዝኾኑት ቦታ፡ ካብ ግንባራት ናቕፋን ሰሜናዊ ሳሕልን ዝረሓቐት ትኹን ደኣ'ምበር፡ ኣብ ባርካ ዝንቀሳቐሱ ተጋደልቲ ሓርነት ኤርትራ ግን ካብ ስግኣት ሓራ ኣይገበሩዋን። ስለ ዝኾነ ድማ ኣብ'ቲ ከባቢ ብቐጻሊ ንንቀሳቐስ ነበርና።

እቶም ውሑዳት ደቂ-ተባዕትዮ፡ ኣብ'ታ ብኣርባዕተ መስርዕ ዝቖመት፡ ብመሓሪ ‘ሽደን’ እትምራሕ ጋንታ ተኸፋፊልና። እተን ኣርባዕተ መስርዕ ድማ ብመራሕቲ መስርዕ ኪዳን፡ ዓንደብርሃን፡ በኪት ጉብጣንን ወዲ ዘውደን ዝምራሓ ነበራ። ጋንታና ዳርጋ ካብ ኩሉ ብሄራት - 80 እንኾውን ሓደስቲ መንእሰያት ተሰሊፍቲ ዝሓቖፈት ድልድልቲ ነበረት። ጋንታ ሽደን ከኣ፡ ካብ ሕብረት ሶቭየት፡ ማእከላይ ምብራቕ፡ ጀርመንን ሱዳንን ዝተሰለፉ ሓያሎ ምሁራት ስለ ዝነበሩዋ፡ ኣባላት'ታ ጋንታ፡ ድሕሪ ታዕሊም ኣብ ዕማማት ውድብ ዓቢ ኣበርክቶ ከም ዝሁብሩ ጥርጥር ኣይነበረን።

ታዕሊም ኣብ ሓሰታ ኣብ ተኣፋፊ እዋን እዩ ዝቶየድ ነይሩ። ምኽንያቱ ስርዓት-ደርግ፡ እቲ ንሰውራ ኤርትራ ሓንሳብን ንሓዋሩን ንምጥፋእ ዝሃንደሶ ሻድሻይ ወራር፡ ‘ሎሚዶ ጽባሕ ይጀምር’ ዝበሃለሉ ዝነበረ እዋን ብምዃኑ፡ ኣብ ቅድመ-ግንባር፡ ተጋዳላይ ዕርድታቱ ኣብ ምሁዳ'ምን ምጽጋንን፡ ኣብ ደጀን ድማ መከላኸሊ መርዛም ጋዝ ንምድላው ፈሓም ኣብ ምፍሓምን ማሽኬራ ኣብ ምስራሕን. . . ተዋፊሩ ነበረ። ከምኡ



ተበላሓትነት ተጋዳላይ፡ ኣንጻር መርዛም ጋዝ

ስለ ዝኾነ ዕረፍቲ ኣብ ዘይብሉ ማእቶት ኢና ተጸሚድና ኔርና።

ኣብ ከም'ዚ ኩነታት፡ ኣብ ታዕሊምን ማእቶትን ኣስታት ሓሙሽተ ወርሒ ኣብ ሓሰታ ጸናሕና። ምስኡ እውን ወተሃደራዊን ፖለቲካዊን ትምህርትና ብምዝዛም፡ እኹላት ተጋደልቲ እንኾነላ መዓልቲ ሃንቀው ንብል ነበርና። ታዕሊም ተዛዚሙ፡ ሃንቀውታና ዝፍጸመሉ ግዜ ኣኺሉ፡ ሓንቲ ምሸት ኣብ መኪይን ተጻዒንና ናብ ሰሜናዊ ሳሕል ነቒልና። ምፍልላይ ምስ ኲኑ እቲ ኣብ ታዕሊምን ማእቶትን እናተጫረቕናን እናተዋዘናን ከም ደቂ ሓንቲ ስድራ ብማይ ጨው ዝተፈትፈተ ቅጫ ወዲ ዓኽር እናተመገብና. . . ዘሕለፍናዮ እዋን ትዝ እናበለና ሕሽክብ ኣተና። ኣብ ሕሽክብ ኑቢሲ ወከፍና “ኣበይ ኩን ይበጽሓኒ?” እናበልና ክንቅሎ ወዓልና። ምፍልላይና ግዜኡ ምስ ኣኸለ ከኣ ዝያዳ ተፋቐርና። ምኽንያቱ ድሕሪ ምምዳብና ክንራኸበሉ እንኽእል ዕድል ጸቢብ ምዃኑ ኣይጠፍኣናን። ብዓቢኡ ድማ ኣብ ቅድመና መስዋእቲ ይጸበዩና ስለ ዝነበረ።

ይዝከረኒ ሽዑ፡ ኣብ'ቲ ዓበይቲ ጋባ ናይ ሕሽክብ ኣብ ዝወዓልናሉ፡ ኣብ ፊትና ኣብ ሩባ፡ ካብ ሰሜናዊ ሳሕል ናብ ግንባር ናቕፋ ዝኸዳ ሓይልታት፡ ምሉእ መዓልቲ ጓይላ ተኸሊን ክጻወታ ወዓላ። ንሕና ድማ ሂወት ተጋዳላይ ምስ'ተን ሓይልታት ከስተማቕሮ ዕድል ረኺብና።

ሰዓት 3:00 ድሕሪ ቀትሪ ኣቢሉ፡ ኣብ ኣሃዱታት ንኽንምደብና ካብ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ዝመጽኡ ተጋደልቲ ኣብ ቅድመና ደው በሉ። ኣሰማትና ክረቑሑ ምስ ጀመሩ፡ ኑቢሲ ወከፍና ቦታና ክሳብ ዝነግረና ትርግታ ልብና ዝያዳ ትዛረም ነበረት። ኣብ ክልተ መስርዕ ምስ ተሰርዕና፡ ኣብታ ኣነ ዝነበርክዋ መስርዕ ዝነበርና መንእሰያት፡ ተመሳሳሊ ዕድመ ዘለና ኴንና፡ እቶም ብዕድመ ምርሒ ዝበለጹና ኣብ ወጻኢ ዝተሰለፉ ምህራትን ድማ ኣብ ቅልኣይቲ መስርዕ ተጻፍጺፉ። ከምኡ ምስ ኮነ እታ ዓበይትን ምህራትን ዝሓዘት መስርዕ ናብ ክፍልታት ወይ ደጀን ከም እትኸይድ ግምት ነበረና። መስርዕና ድማ ናብ ሓይልታት ክትምደብ ተስፋ ኣንበርና። ምኽንያቱ ኩሉ ሰብ ኣብ ሓይልታት ክምደብ እዩ ዝበሆግ ዝነበረ።

እታ ሓንቲ መስርዕ ኣብኡ ክትተርፍ ከላ፡ ልዕሊ ኣርባዕ እንኾውን ተዓለምቲ ዝቆምናያ መስርዕ ከኣ፡ ኪዳን እናመርሓና ናብ ዓምበርበብ ገጽና ተበገስና። ሽዑ ወዲ ሓጂ እናተዋዘየ “ምዕባለ ውድብ ኣርእዩም ናብ ግንባር ይወስዱና ይኾኑ ምኽንያቱ ዓምበርበብ ሓደ ካብ'ቲ ዓበይትን ዕሙራትን ደጀናት ህዝባዊ ግንባር ስለ ዝኾነ” ኢሉ ሕሹኽ በለኒ። ዓምበርበብ - ደምሲ ሓፋሽ፡ እቲ ዝዓበየ ጋራጅ፡ ኣብያተ ጽሕፈት ውድብ፡ ማእከላይ ሕክምና. . . ዝነበሮ ደጀን እዩ። እቲ ሩባ ኸኣ ካብ ታሕቲ ክሳብ ላዕሊ ብምንቅስቓስ ተሸከርከርትን በቲ ተወለዐ ዝሓደር መብራህትን ዕምርቲ ከተማ ይመስል ነበረ።

ኣብ ሓደ ቦታ ምስ በጻሕና ግን፡ ኪዳን ናብ'ቲ ኣብኡ ዝነበረ መዓስከር ኣረኪቡና ተመልሰ። ንጽባሒቱ ምስ ሓተትና ኢና መዓስከር ወተሃደራዊ ሃንደሳ ምዃኑን ንሕና እውን ኣብኡ ከም ዝተመደብናን ዝፈለጥና። እቶም ኣብ ሕሽክብ ዝገደፍናዮም ብጾትና ግን ገለኦም ኣብ ክፍልታት ገለኦም ድማ ናብ ሓይልታት ከም ዝተመደቡ ሰሚዕና። “ወተሃደራዊ



መንእሰያት ናብ መሳርዕ ህዝባዊ ሰራዊት እንክውሕዙ

ሃንደሳ” ክፍልታት ደዩ ሓይልታት እውን ደርደኣና ኣይነበረን። ክሳብ ናብ'ተን ኣሃዱታት ንምደብ መበኣታ ትምህርቲ ሃንደሳ ክንመሃር ምዃንና ተሓበረና።

ንጽባሒቱ ሓለፊ ትምህርቲን መጽናዕትን ሃንደሳ ስውእ መሓመድ ሰዒድ ሳንጉርን ኤፍሬም መለስን ኣብ ሓንቲ ዓባይ ገረብ ምስ ኣከቡና፡ ብዛዕባ እንመሃሮ መበኣታ ወተሃደራዊ ሃንደሳ መግለጺ ሂቡና። ስውእ ሳንጉር፡ ኣብ'ቲ ከም መእተዊ ዝሃቦ መግለጺ፡- “እምበኣር ንሽኹም ናባና ተመዲብኩም ኣለኹም፡ ትምህርቲ ሃንደሳ ድማ ካብ ሎሚ ክትጅምሩ ኢኹም። ኣብ ሃንደሳ ‘ናይ መጀመርታ ጌጋ ናይ መወዳእታ’ያ” ክብል በቲ ኣርዑዱ ጭርሖ ወተሃደራዊ ሃንደሳ ጀመረልና። ካብ ሰራሕ ከይጀመርና ከኣ ክፍሊ ሃንደሳ ተኣፋፊ ምዃኑ ተሰወጠና። ብበወገና ድማ ኑታ ሳንጉር ዝበላ “ናይ መጀርመታ ጌጋ. . .” እትብል ሓረግ ክንደጋግም ወዓልና።

ደጋጊምና ምስ ኣስተማቐርናያን ተንተንናያን ኩኑ፡ ኣብ ሰራሕ ወተሃደራዊ ሃንደሳ፡ ሸለልተኛት ይኹን ምስጋል ወይ ምዝንጋዕ ሂወትካ ከም ዘሰእን፡ ሓንሳብ እንተ ተጋጊኻ ካብ ጌጋኻ ንኽትእረም ካልኣይ ዕድል ከም ዘይብልካ በርሃልና።

ሓደ መሳሓቕ ወዲ ጋንታና ሓምድ ሓጂ (ወዲ ሓጂ)፡ ነዚ ቃል እዚኣ ምስ ሰምዐ ክሳብ እታ ኮርስ ንውድእ “እዋእ ሱብዶ ከይተጋገየ ይነብር እዩ! ዘዘተጋገየ ዝሰዋእ እንተ ኾይኑ ደኣ፡ ኣብ ክንዲ ክፍሊ ሃንደሳ፡ ክፍሊ መስዋእቲ እንተ ዝበሃል ምሓሸ” ክብል ከሎ፡ ገለና ድማ ካብ ምሕር ጥንቃቐ ከይንጋገ'ሞ ኣብ ሓደጋ ከይንወድቕ ንፈርሕ ነይርና።

ክፍሊ ሃንደሳ፡ ናብ'ቲ ቦታ ካብ ዝመጸእ ውሑድ እዋን ገይሩ ብምንባሩ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ትምህርቲ ኣብ ምስራሕ ጉዳውቲ፡ ምውፋር ዕንጨይትን ካልእ ስራሓትን ክንሳተፍ ምዃንና እውን ተሓቢሩና እዩ። ምድላው ሻድሻይ ወራር ንጸዓ ርእሱ ድማ ጥሜት ካብ መጠን ንላዕሊ ነበረ። ኣብ ጸዑቕ ማእቶትን ትምህርትን እናወዓልና፡ ሓደ ኩንታል ን350 መንእሰያት፡ ንኣርባዕተ መዓልቲ ይወሃብ ነበረ። ጥሜት ካብ መጠን ንላዕሊ ምስ ኮነ፡ መብዛሕትና ድማ ገና ዕስራታት ዘይረገጽና መንእሰያት ብምንባርና፡ ሓደ መዓልቲ ንመምህርና ኤፍሬም፡ ወይ ማእቶት ክንደስለልና ወይ'ውን መቑነን ክወሰኸና ሓተትናዮ። ኤፍሬም እናሰሓቐ “ንሽኹም ዚ ክትረኽቡ ብምኽኣልኩም ተማስገኑ በሉ። ኣብ ግንባር ዓሪዱ ዘሎ ተጋዳላይ ግን ቆጸለ-መጸሊ እዩ ዝቕለብ ዘሎ። ምኽንያቱ ኣብ ሱዳን ዘሎ ስርዓት ጃዕፈር ኣትማሪ ናይ ቀለብ መስመርና ስለ ዝዓጸዎ፡ ካብ ሱዳን ዝኣቱ መሳርፍ የለን፡ ኑዱዱ የለን፡ ማእቶት ክቕጸል እዩ፡ ንሽኻትኩም ድማ ተጸመሙ” ክብል ተሰፋ ኣቑረጸና።

ሻድሻይ ወራር ቅድሚ ምጅማሩ ሓደ ምሸት “ኣንቴኖብ” ዝዓይነታ ኑራት ኣብ ልዕሊ ዓምበርበብ ዘንበየት'ሞ፡ ገለ ነገር ደርበየትልና። ንሕና ድማ ቦምባታት ኣብ ዝጠንሓ ንኺይዓልብ ኣብ መኸወሊና ኣተና። እቲ ዝተደርበየ ግን ወረቓቕቲ ደኣ'ምበር ቦምባታት ኣይነበረን።ትሕዝቶኡ “ናብ ወላዲት ኣደኹም ኢትዮጵያ



ስውእ ሓምድ መሓመድ ሓጂ

ብሰላም እተው። እንተ ዘይኣተኹም ግን ክትጠፍኡ ኢኹም” ዝብል እዩ። ሽዑ እቲ ዋዛ ዘይፍለዮ ወዲ ሓጂ “እዋእ. . . በዚ ሳንጉር ናይ መጀመርታ ጌጋ ናይ መጠረሽታ ሂወትካ እያ ይብል፡ በዚ ወዲ መለስ መግቢ የለን ይብል፡ በዚ መንግስቱ ሃይለማርያም ክትጠፍኡ ኢኹም ይብል፣ ገድሊ ከይጀመርና ግዲ ከቃብጹና እዮም ደልዮም” ክብል ኣሰሓቐና።

እቶም ልዕሊ ኣርብዓ ብሓባር ዝተወዘዕና ተጋደልቲ፡ ልዕሊ ሰለስተ ርብዒ ካብ ቁጽርና ኣብ ቃልሲ ንሓርነት ብመስዋእቲ ስኢንናዮም ኢና። እቲ ተዋዛያይ ወዲ ሓጂ'ውን ኣብ 1986 መስርዑ መሪሑ፡ ኣብ ጐላጉል ግራት ኑተጉቲ ጸላኢ እናወጸኣ ከሎ፡ ነታ “ናይ መጀመርታ ጌጋ. . .” እትብል መምርሒ ግዲ ስሒቱ ብፈንጂ ተሰዊኡ። ከም'ቲ ስውእ ሳንጉር ዝበሎ፡ እታ ናይ መጀመርታ ጌጋኡ ንመስዋእቲ ኣሕሊፋ ሂባቶ። ወተሃደራዊ ሃንደሳ - ናይ መጀመርታ ጌጋ ናይ መጠረሽታ!



መንግስቱ ኣብ ግንባራት ብዛዕባ 6ይ ወራር መግለጺ እናሃበ

# ጓጽፍሎጦ

## ደብዳበ ፍቕሪ

ጆሚ/ ደጀን ተኽለ

### ሓደሊ ወሸጦኺ ኣበራብሪ

ሳሊም፡ እዛ ደብዳበ ኣብ ኢድኪ በጺሓ ከተንብብያ ዘሎኺ ባህጊ ልዕሊ መጠን'ዩ፡፡ ኣብ ብዙሕ እንራኸበሉ ኢጋጥሚታት፡ ኣካይዳኺን ኣጣምታኽን ዳግመ ግምት ክትገብርሉ ዝህበኪ ርኢይቶ ብዒይኒ ቅንኢ ኢኺ ትጥምትዮ፡፡ ኣብ ጌጋ መንገዲ እናሃለኺ ኽትልወጢ ዘይምድላይኪ ብዙሓኺ ዝሀሰ ሰብ ከፀግዘሎ ከዘኻኽረኪ ደፊቱ፡፡

ሳሊም፡ ህይወት ብዘይ ፍቕሪ ዋጋ የብላን፡፡ እቲ ዘገርም ግና፡ ኑቲ ዘለኽዩ ሕማቓን ትዕቢት ዝመልኦ ኣካይዳኺን ትጽዋትሉ ምኽንኪ'ዩ፡፡ ምንባር ንዓኺ ምምልኻዕ ጥራይ'ዩ፡፡ ክብርን ሓጉስን ህይወት ኣብ ስራሕን ዕላማን ከም ዘረጋገጽ ኣብይ ኢልክዮ፡፡

ሳሊም፡ 'ንእሰነት ዕዳዩ' ዝበሃል ብሂል ዘዘንጋዕኪ ትመስሊ፡፡ ወርቃዊ ግዜኺ ክትፈሻሽልን መን ከማይ እናበልኪ ክትፅንድርን ከንቱ ተጥፍጽዮ ኣለኺ፡፡ ኑበሰኺ እንተትግምግሚ ኣጉዳሲት ፍጥረት ምኻንኪ ምፈለጥኪ፡፡ ክጽዮ ደጋዊ ጽባቐኺ ወሸጦኺ ክትከልዒ እንተትፍትኒ ዝረኣየኪ ዘበለ ኣብ ዘርያኺ ምዓሰሉ፡፡

ሳሊም፡ ትጓዓዝዮ መንገዲ ናበይ ከም ዝወስደካ እንተዘይፈሊጥካ ኣብ ትብጽሖ'ውን የብልካን፡፡ ቅድሚ ዝኸዓ ንህይወትኪ ኣብ ዓወት ዘብጽሕ ዕላማ ክህልወኪ ይግባእ፡፡ ዕላማኺ ንምጭባጥ ኣብ እትገዓዝዮ ጉዕዞ ብዙሓት ብጥበበኪ ክሕበሉን ንጥበበኪ ከድንቑን'ዮም፡፡

ሳሊም፡ ህይወትና መቕረት ዝህልዋ ራኢ ምስ ዝህልወና ጥራይ'ዩ፡፡ ንሱ ድማ'ዩ ኑባሪ ሓጉስ ዘዥናጽፈና፡፡ ስለዚ ንዓለም ካብ ብደጋዊ ጽባቑና ብወሸጣዊ ዓቕምና እንተንገጥማ ምሉኣት ክንኸውን ምኸኣልና፡፡

ሳሊም፡ ኣብዛ ብህልሒ እትገብር ዓለም ብደጋዊ ጽባቐኺ ጥራይ ኣኽሊል ደፊእኪ ንዓለም ክትውንንያ ምሕሳበኪ ጌጋ ጥራይ ዘይኮነ ውድቀትን ውርደትን'ውን ከስዕበልኪ ይኽእል'ዩ፡፡ ንእሰነትኪ ንከንቱ ከየበሊ ኣብ መንገዲኺ ዝፀንቅፉ ነገራት ኣይተዋድድዲ፡፡ ብኣንጻሩ ሓደሊ ወሸጦኺ ደኣ ኣበራብሪ፡፡

## ብርሃን ገዘ

እዚ ብብርሃን ህንጻ ዝፍለጥ ኣብ ከተማ ኣሌክሳንደርያ ናይ ግብጺ ዝርከብ ዝበረ ህንጻ፡ ኣብ መበል 285 ክሳብ 247 ዓመት ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ኣብ ዝበረ እዋን ብተየም ኣብቲ እዋን ዝበሩ ነገስታት ግብጺ ዝተሃንጸ'ዩ፡፡ እዚ ህንጻ ተሃኒጹ ኣብ ጥቕሚ ንኽውዕል ኣስታት 45 ዓመት ወሰደሉ፡፡ እዚ ኣብ ከተማ ኣሌክሳንደርያ ዝተሃንጸ ህንጻ ዕላምኡ ኑተን ኣብ ባሕሪ ኣንፈተን ዘጥፍኣ መራኽብ ከም መሐበሪ ወይ ድማ ከም ምልክት ኮይኑ ንኸገልግል'ዩ፡፡ እዚ፡ ኣብቲ ምዕቡል መሳርሒን ቴክኖሎጂን ዘይነበረሉ እዋን ዓብን ዘይንዓቕን ተራ'ዩ ነይርዎ፡፡

ኣብ ልዕሊ'ቲ ህንጻ ብዝተተኽሉ ዓበይቲ መረጼን ኣብሉ ሃዱብራቕ ብምፍጣር፡ ኑተን ኣብ ግዜ ቀትሪ ማእዘዘን ዘጥፍኣ መራኽብ ኣንፈተን ክረኽባ ክሕግዝ እኽሎ፡ ኣብ ግዜ ለይቲ ከኣ ኣብ ላዕላይ ጫፍ ናይቲ ግንቢ ብዝነበር ዘየቋርጽ ሃልሃልታ ኑተን ልዕሊ 50 ኪ.ሜትር ርሒቐን ኣንፈተን ዘጥፍኣ መራኽብ ከም መሐበሪ ኮይኑ ዘገልግል'ዩ፡፡ እዚ ህንጻ ከም ማእከል መቆጻጸርን ኣንፈት መሐበርን ናይተን ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ጸብቒ ምንቅስቓስ ዝበረን መራኽብ ኮይኑ ንልዕሊ 1500 ዓመታት ኣገልግሎት ድሕሪ ምሃብ፡ ካብ 1303-1323 ዝተኸሰተ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ካብ ኣገልሎት ወጺኡ ኮይኑ፡፡

# ምስጢራት ዕውት ፍቕሪ



#### ምስጢር፡ ሓይሊ ሓሳብ

እንኾና እቲ ንሓስቦ'ዩ፡፡ ቅኑዕ ሓሳባት ቅኑዓት ደፊጥሩ፡፡ ሓቀኛ ሓሳባት ሓቀኛ ምሕዝነት ይወልዱ፡፡

#### ምስጢር፡ ሓይሊ ክብረት

ንሓደ ሰብ ከየኽበርካዮ ክትፈትዎ ኣይትኽእልን ኢኻ፡፡ እቲ ናይ መጀመርያ ከተኽብሮ ዝግበኣካ ሰብ ገዛእ-ርእሰኻ'ዩ፡፡ ንሰባት ይኹን ንገዛእ-ርእሰኻ ከተኽብር ከለኻ፡ እንታይ ተኽብር ከም ዝዝለኻ ድማ ንኡበሰኻ ሕተታ፡፡

#### ምስጢር፡ ሓይሊ ልግሲ

ፍቕሪ ክትረኽብ ምስ እትደሊ እቲ ክትገብሮ ዝግበኣካ ቀንዲ ነገር ፍቕሪ ምልጋስ'ዩ፡፡ ክንድ'ቲ ዝሓብኦ ስለ እትቕበል ድማ ንልግሲ ድሕር ኣይትበል፡፡ ከተፍቅር ከለኻ ገዛእ-ርእሰኻ ብቐንዕና ምልጋስ ማለት'ዩ፡፡ ምስጢር ሕጉስን ዕውትን ምሕዝነት ኣብ እንታይ ትልግድ ደኣ'ምበር፡ ኣብ እንታይ ትወስድ ኣይኮነን፡፡

#### ምስጢር፡ ሓይሊ ዕርክነት

ሓቀኛ ኣፍቃሪ ንምርካብ ሓቀኛ ዓርኪ ምርካብ የድሊ፡፡ ቅድሚ ፍቕሪ ዕርክነት ምቕዳም'ዩ እቲ ምስጢር፡፡ ንሰባት ከም ዘለውዎ ፍተዎም፡ ዕርክነት ሓመድ ናይቲ ዘርኢ ፍቕሪ ዝዕንበየሉ መሬት ምኻኑ ፈለጥ፡፡

#### ምስጢር፡ ሓይሊ ሕድገት

ንሓደ ነገር ምስ እትፈትዎ ነጻነት ሃቦ፡፡ ናትካ እንተኾይኑ ክምለሰካ'ዩ፡፡ እንተዘይኮይኑ ድማ ናትካ ኣይኮነን ማለት'ዩ፡፡ ፍቕሪ ክትመሃር ምስ እትደሊ፡ መጀመርያ ይቕረ ምባል ክትመሃር ኣለካ፡፡ ፍቕሪ ማለት ፍርሒ፡ ጥርጠራ፡ ቂምታ ምውጋድ ማለት'ዩ፡፡ ሎሚ ኩሉ ዘለካ ቂምታ እተወግደሉ መዓልቲ'ዩ፡፡ በዚ ድማ ትማለ ኣብ ልዕሌኻ ዝበሩ ስልጣን ከብቅዕ'ዩ፡፡

#### ምስጢር፡ ሓይሊ ምዝራብ

ብእምነትን ነጻነትን ክተዛረብ ምስ እንጀምር ህይወትና ክትቕየር ትጅምር፡፡ ንሰባት ምፍቃር ማለት ግዜ ሂብካ ምስኦም ምዝራብ ማለት'ዩ፡፡ ንእትፈትዎም ሰባት ምፍታውካ ከም ዝፈልጥዎ ክትገብር ኣለካ፡፡ ኣብ ልዕሊኦም ዘለካ ኣድናቖትን ክብረትን ብዘይ ስክፍታ ክትገልጽ ይግበኣካ፡፡ ንእትፈትዎም ሰባት ኩሉ ግዜ ብሰናይ ቃላት ተፋነዎም፡፡ ምኽንያቱ እታ ዕድል ናይ መጨረሽታ መራኽቢኻ ክትከውን ስለ እትኽእል፡፡

#### ምስጢር፡ ሓይሊ ተኣማንነት

ተኣማንነት እቲ ሓቀኛ ፈተና ናይ ፍቕሪ'ዩ፡፡ ፍቕራዊ ዝኸዓ ምሕዝነት ክህልወካ ምስ እትደሊ፡ ኣብቲ ምሕዝነት ጸንዑ ዝኸዓ ተኣማንነት ይሃልወካ፡፡ ተኣማንነት እቲ ቀንዲ ፍልልይ ኣብ መንጎ ጸንዐን ልሕሉሕን ምሕዝነት'ዩ፡፡

#### ምስጢር፡ ሓይሊ ሓያል ስምዒትን ድሌትን

ሓያል ስምዒትን ድሌትን ንፍቕሪ ወለዶም ህይወት ዝልብሶ ምስጢራት'የም፡፡ ሓይሊ ስምዒት ካብ ኣካላዊ ስሕበት በይኑ ዝመጽእ ዘይኮኑ፡ ካብ ዓሙቕ ወሸጣዊ ተኣማንነት፡ ድሌትን ባህታን ዝመጽእ'ዩ፡፡ ህላወ ፍቕርን ሓጉስን ሓደ'የም፡፡ እቲ ክንገብሮ ዝግበኣና እንተሎ ድማ፡ ነፍሲ-ወከፍ መዓልቲ ብወሸጣዊ ስምዒትን ድሌትን ከነብራ ጥራይ'ዩ፡፡

#### ምስጢር፡ ሓይሊ እምነት

እምነት ኣብ ኩሉም ምሕዝነታት እቲ ቀንዲ ረቛሒ'ዩ፡፡ ብዘይ እምነት ሓደ ሰብ ኣዝዩ ተነቃፍን ተጠራጣርን'ዩ ዝኸውን፡፡ ንሓደ ሰብ ብልቢ ከይኣመንካ ከተፍቅሮ ኣይትኽእልን ኢኻ፡፡ ቅድሚ ዝኸዓ ምሕዝነት ምጅማርካ ኑቲ ሰብ 'ብልቢ ይኣምኖ ድየ?' ኢልካ ንኡበሰኻ ሕተታ፡፡ መልሰኻ ኣይፋል እንተኾይኑ፡ ቅድሚ ናብቲ ምሕዝነት ምእታውካ ኣጸቢቕካ ሕሰብ፡፡


ቀለ ጥጥቕ

ትጽውውር ኣብልካ
ሰጥም ግጥም
እንተዘይልካ ከም ማእዶ
ፍቕሪ መዓስ ይጥጥዕ
ቀለ ጥጥቕ ዘረባ
እንተበዚሑ፡፡
ጆሚ/ ደጀን ተኽለ


## ኣየገርምንዶ!



ኣውስትራልያዊ ሃና ስትሬንጀር፡ ኣብ ዓለም ብነዊሕ ጭሕሙ'ዩ ዝፍለጥ፡፡ ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ኣብ ጉዕዞ እንከሎ፡ እቲ ኣብ መሬት ጉሰስ ዝብል ጭሕሙ ኣብ መንጎ ኣእጋሩ ኣትዩ ይሕንኩሎ፡፡ ሚዛን ሰብነቱ ክቆጻጸር ዘይክኣለ ሃና ከኣ ቁልቁል ኣፉ ናብ መሬት ብምውዳቑ ክሳዱ ተሰይሩ ንእለቱ ትንፋሱ ሓለፈት፡፡

## መልሲ ዝተመሳቐለ ቃላት

| | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| መ | ን | ካ | ዕ | | ራ | ብ | ዓ | ደ | | ሰ | መ |
| ም | ሳ | ር | | ዋ | ዛ | | ር | | ሰ | ረ | ት |
| ሀ | | ካ | ል | እ | | ጋ | ቢ | | ፈ | | ረ |
| ር | ብ | ር | ብ | | ዓ | ው | | መ | ር | ከ | ብ |
| | ዕ | | ሲ | ና | | ና | ሕ | ሲ | | በ | |
| ሕ | ራ | ደ | | ደ | | | ዘ | | ር | ሳ | ሰ |
| | ደ | ካ | ኣ | ሎ | | ሰ | ላ | ም | | | ሓ |
| መ | | ኣ | ዛ | ን | | ል | | ዕ | ራ | ር | ቦ |
| ፍ | | ሎ | ሚ | | ወ | ዲ | ወ | ዶ | | ዝ | |
| ት | ኪ | | ት | ግ | ረ | | ር | | ሰ | ነ | ድ |
| ሕ | ዳ | ር | | ራ | | ኣ | ወ | ል | | ት | ቦ |
| | ን | | ፈ | ት | ሊ | | ረ | ወ | የ | | ላ |

መም. ያቆብ መርሃዊ (ጃኽ)

# ሸባብ

ዘተ ሸባብ

ብሃማመተኤ ዝዳሎ ዓምዲ

# መንእሰያት፡ ንውሁብ መድረኽ ብኸመይ ንገጥሞ?



ተማ. ቅሳነት ገብረመስቀል

ነዛ ሕቶ ንኽምልስ መጀመርታ ንሕና ከም ኤርትራውያን መንእሰያት መጠን፡ እዚ ዘለናዮ መድረኽ እንታይ ዓይነት መድረኽ'ዩ? ናይ ብሓቂኸ ነንብዖ ኣለና ዲና? ዝብል ሕቶ ክምለስ እመርጽ።

እዚ ዘለናዮ መድረኽ-መድረኽ ልምዓትን ህንጸትን እዩ። ካብዚ ፈሊኻ ዘይርአ ምክልኻል ሃገር ከኣ ብዓቢኡ። ሓቂ'ዩ፡ መድረኽ ናይ ገዛእ ርእሱ መስርሕን ታሪኽን ኣለዎ። ንሕና መንእሰያት ድማ ንዝኽሰቱ ውድዓውያንን ዘይውድዓውያንን ተርእዮታት ክንገጥም ንግደድ። ኣብዚ ጉዳይ እንገብሮ ቃልሲ፡ ውልቃዊ ረብሓና ቀዳምነት ከይሃብና ኣብ ዳግም ህንጻ ናይዛ ሃገር ብምሉእ ዓቕምና ከነገልግል ክንሃንጽን ዘለዓለ እጃምን ሓላፍነትን ኣለና።

ውልቃዊ ረብሓ ሓደ ካብቶም ረመስቲ ልምዲን መግለጺ ትሕቲ ሃገራውነትን እዩ። ኣብ ክንዲ ብዛዕባ ሃገርን ሓፋሽ ህዝብን ምሕሳብ፡ ህዝብን መንግስትን ዘሰክምዎ ሓላፍነት ብምዝንጋዕ፡ ውልቃውን ብቐረባን ክትረብሕን ብቐዳምነት ምሕላን ወይ ምስራሕ'ዩ። እዚ ድማ ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱ ስለ ዝዓቢ፡ ኣብ መላእ ሕብረተሰብ ፍንፉን ክትከውን ዝገብር ተግባር እዩ። ስለዚ ንሕና ከም መጠን መንእሰያት ካብዚ እኩይ ተግባራት ተገላጊልና ህዝብን መንግስትን ዘሰከመና ሓላፍነት ብሕልናን ርትዕን ተቐይድና ግቡእና ከነበርክት መድረኽና ክሓተና'ዩ።

እዚ ዘለናዮ ዘመን ዘመነ ህጡር ምዕባለ'ዩ። እዚ መድረኽ ምዕባለ'ዚ ንመንእሰያት ማእለያ ዘይብሎም ብድሆታት ተሰፍሲፉ'ዩ መጺኡ ዘሎ። ስለዝኾነ፡ ነቲ ሃሳዩ ዝብሃል ወጊንና፡ ጠቓሚ ዝበልናዮ ክንጥቀመሉ ንቕሓት ዝሓትት ጉዳይ ኰይኑ ንረኽቦ። እዞም ማእለያ ዘይብሎም ምብዳህ ዝደልዩ ተጻብኦታት ንምብድሆም ኣብ ዓቕምታትን ንቕሓትን ናይቲ መንእሰይ ዝምርኮሱ እዮም።

ገለ ካብቶም ተጻብኦታት ኢለ ዝሓሰቦም ንምጥቃስ ዝኣክል፤ ቀዳማይ ብገለ ግሩምነት ኣፍሪቃውነት ዘይፈትዋ ሃገራት ምዕራብ፡ ኣንጻር ኣፍሪቃዊ መንእሰይ የስድዕ'ዩ ዝብለኦ ዘተኣታተውኦ ኣጀንዳዊ ፍልሰት እዩ። እዚ ናይ ፍልሰት ኣጀንዳ'ዚ፡ ንኣፍሪቃዊ መንእሰይ ሃገሩን ኣህጉሩን ንኽይሃንጽ፡ ሃሙን ቀልቡን ናብ ስደት ከም ዝኸውን ክገብር ካብ ዝጀምር ዓመታት ኣቑጺሩ ኣሎ። እዚ ስነ-ኣእሮኣዊ ኩናት'ዚ፡ መንእሰይ ዓዱን ሃገሩን ሓዲጉ ንኽስደድ ደይመደይ ኢልካ ዝሰራሕ'ዩ።ዓድታቶም ወዲ-ሰብ ክነብረለን ዘመንያ ገነት ንምምሳል ዝቐረብዎ መጋየጺ ማእለያ የብሉን። ኩነታት እተን ሃገራት ከምቲ ኣብ ተለቪዥን ካልኦት ናይ መዋዕውዒ መራኸቢታትን እንሪኦ፡ ወትሩ ጽጋብን ለምለምን ይመስለና ይኸውን። ብወገነይ ከምኡ ከም ዘይኩን'ዩ ዝበርሃለይ። ቀንዲ ዕላማኦን፡ ነቲ ናይ ምርዳእ ዓቕሚ ዘለዎ መንእሰይ ብሩህ እዩ። ንሱ ድማ ነቲ መንእሰይ ኣብ ትሕቲ ምሉእ ቊጽጽረን ክሳብ ዘእትውኦ፡ መህረሪ ክገብራ ግድን ስለ ዝኾነ'ዩ። እምበር ኣብ ኣብ ውሽጠን ምስ ኣተኻ እትሪኦን እተሰምዖን ጉድ ክኸውን ይኽእል እዩ። ሃገራት ምዕራብ ነዚ ስጉምቲ ክወስዳ እንከለዋ፡ ኣፍሪቃዊ መንእሰይ ብዛዕባ ሃገሩን ህዝቡን ከም ዘይዓጅቦን ዘየገድሶን ንምግባሩ ኰነ ኢለን ብመረዳእታ ዘተኣታትውኦ ዘለዋ ሜላ እዩ። እዚ መንእሰይ'ዚ ኣብ ልዕሊ ኣህጉሩን ድኽነትን ጽልኢ ከም ዝሓድሮ፣ ንኣፍሪቃ ጸሊኡ ባህጊ ስደት ከም ዘሰርጾ ገይርካ፡ መበቆላዊ ባህሉ፡ መንነቱን ቋንቋኡን ከም ዝጋጊ ድሕሪ ምግባር፡ ብባህሊ፡ ልምድን ቋንቋን እተን ሃገራት ከም ዝግዛእ ንምግባር እዩ። እዚ ሰራሕ ሚዛኑ ዝሰሓተ ስለ ዝኾነ ድማ ብጣዕሚ ዘተሓሳስብን ዘጉህን ረቂቕ ሜላ እዩ።

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ክገልጾ ዝፈተንኩ፡ እዞም ዘለና መንእሰያት ዘለናዮ መድረኽ-መድረኽና ምኻኑ ፈሊጥና፡ መጻኢ ህይወትናን ኩነታት ዓድናን ብፖለቲካዊ፡ ማሕበራዊን ቁጠባዊን ንቕሓት ሰፊሕ መረዳእታ ሃልዩና፡ ብምሉእ ርእሰ ተኣማንነት ክንጓዓዝን ክንክእል ኣለና። ኣብ መርገጺታትና ጽኑዓት፡ እንወስዶም ስጉምታት ድማ ትብዓትና ዘንጸባርቑ ክኾኑ ኣለዎም። ሃገር ብመንእሰይ ትለምዕን ትጠፍእን ምኻና ምርዳእ ዘድልየና ኣይመስለንን። ሓደ መንእሰይ፡ "ዜጋ ናይ ሓንቲ ሃገር'የ፡" ክብል እንተ ድኣ ኾይኑ፡ ሃሙን ቀልቡን ምስ ህዝቡን ሃገሩን ክኸውን፣ ምሉእ ዓቕሙን ክእለቱን ነታ ዓደይን ዝብላ ሃገርን ህዝበይ ዝብሎ ሓፋሽን ክውፊ ኣለዎ።

ትምህርቲ ሓደ ካብቲ ንሓንቲ ሃገር ኣብ ዝበረኸ ምዕባል ዘብጽሓ መስርሕ እዩ። መንእሰይ ድማ ተረካቢ ክሳብ ዝኾነ፡ ብግዜ ክምሃር ኣለዎ። ዝተማህሮ ኣብ መዓላ ህንጸት ሃገር ከውዕሎ ግደታዊ ሓላፍነት ይሰክም። ትምህርቲ ዘይበርስ ሃብቲ እዩ። ማዕረ ማዕረ'ዚ መንእሰይ፡ ዘዕበዮን ናተይ ዝብሎ ክብርታት ሕብረተሰቡ ናይ ምዕቃብ ሓላፍነት ኣለዎ። ከምዚ እንሪኦ ዓለም ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ምዕባሌኣ እናተወንጨፈ ይኸይድ ኣሎ። ምስዚ ዘውንጨፍ ዘሎ ናህሪ ናይ ምዕባለ ክንጓዓዝ ክንግደድ ኢና። ከመይሲ ንበይና ምትራፍ ማለት ስንፍና ስለ ዝኾነ።

***



ተማ. ሩታ ቀላቲ

ከም መጠን መንእሰያት ነዚ ዘሎ መድረኽ ብኸመይ ንገጥሞ? ንዝብል፡ መጀመርታ ኣነ ከም መጠን መንእሰይ ኣበይ'የ ዘለኹ? እንታይከ'የ ዝሰርሕ ዘለኹ? ኣንፈት መጻኢየይ ናበይ ገጹ'ዩ? ክበጽሖም ዘለውኒ ዕላማታተይ'ከ ንጹራት ድዮም? ዝብሉ ዛዕባታት ክለልዮም ኣለኒ። ህይወት ወዲ-ሰብ ብልሙጽ ዝኸይድ መስርሕ ኣይኩነን። እኳ ድኣ ዘይተኣደኑ መሰናኽላትን መሰገደላትን ዝመልኣ ብምዃና፡ ዕላማ ክጥጫበጥ ውረድ ደይብ ዝመልኦ ጻዕሪ ይካየድ። ስለዝኾነ ወዲ-ሰብ ናብቲ ክበጽሖ ዝደሊ ደረጃ ንምብጻሕ ነዞም ሽግራትን መሰገደላትን ተጸሚሙ ክሰግሮም ኣለዎ። ኣብ መወዳእታ ብጻዕሪ ዝመጸ ክብረት ትርጉሙ ዓቢዩ ስለ ዝኾነ። መቐረት ናይ ህይወት'ውን ኣብኡ'ዩ ዝስተማቐር።

ዘለናዮ መድረኽ ኩሉ ዝፈልጦን ዘለናዮን እዩ። እዚ መድረኽ'ዚ፡ ዘመነ ዓውሎማ ኰይኑ፡ ዓውሎማ ድማ ኣሉታውን እወታውን ገጻት ዘለውዎ ምዕባለ እዩ። ነቲ ንሱ ዘምጽኦም ብዙሓት ለውጥታት ማለት ጥቕሞምን ጉድኣቶምን ብዝግባእ ምልላይ ከድልየና'ዩ፣ ነዚ ንምልላይ ድማ ንቕሓት ክሓተና እዩ። ምኽንያቱ በቲ ዝግባእ መንገዲ መታን ክንጥቀመሉ'ም። ኣብ መድረኽ ምምጻእ ንናጽነት ዝነበሩ መንእሰያት ከም ኣብነት እንተ ድኣ ርእናዮ፡ ታሪኻዊ ገድሎምን ሽቶኦምን ሕላገት መንነትና እዩ። ብሳልኦም ንነብር ምህላውና ድማ ንሕሉፍ ታሪኽና ምዝካር ከድልየና እዩ።

ካልእ ኣብዚ ከይጠቐስክዎ ክሓልፍ ዘይደሊ፡ ሃይማኖታዊ ጉዳይ'ዩ። ምትእትታዉ ሃይማኖታዊ ጉዳይ ዘርዚርካ ዘይውዳእ ኣሉታዊ ጽልዋ ኣለዎ። ኣብዚ ጉዳይ ሓያል ቃልሲ ዘድሊ ኰይኑ ይስመዓኒ። እዚ ከኣ ንሓደን ክልተን ዝግደፍ ዘይኮነ፡ ንኹሉ፡ "ይምልከተኒ'ዩ" ዝብል ዝምልከት እዩ። እቲ ካልእ ክብሎ ዝደሊ፡ መንእሰይ መግለጽን እንታይነትን ናይ ሓንቲ ሃገርን ህዝቢን ክሳብ ዝኾነ፡ ብኹሉንትንኡ ዕቱብ ኰይኑ ነንዝመጽእዎ ብድሆታት እንታይነቶምን ማእዝናቶምን ከከም ኣመጻጽኣኦም ክቃለሶም ኣለዎ። እቶም ብዓለማዊ ጽልዋ ዝመጽኡዎ ነገራት ወይ ኣምራት ጎድናዊ ሳዕቤኖም ኣለልዩ፡ ጠቓምቲ ምስ ዝኾኑ ክጥቀመሎም፡ ጎዳእቲ ምስ ዝኾኑ ድማ ፈንጺጉ ክስዕሮም ኣለዎ። ካብቶም ፈንጺጉ ክዕወተሎም ኣለዎ ዝብሎም ገለ ነጥብታት ክጠቅስ፤

ሓደ መንእሰይ ኣብ ጉዑዙኡ ምስ ሽግራት እናተላሃመ እዩ ዝኸይድ። ስለዝኾነ ሽግር ኣለኒ ኢሉ ክሓስብን ከም መመኽነይታ ክጥቀመሎምን ኣይግባእን። መንእሰይ እንተ ድኣ ኾይኑ፡ መንእሰይ ክኸውን ኣለዎ። ንዘጋጥምዎ ሽግራት ካልኦት ሰባት ሽግሩ ክፈትሑሉ ኣይጸበ። ሽግራትን ተጻብኦታትን ኣብ ዘጓንፍዎ እዋን፡ ከይተሃወኸ፡ ዘገምታ ብዝመለለይኡ ኣገባብ፡ መፍትሒ ኣብ ምንዳይ ውሑሉል ክኸውን ኣለዎ። መንእሰይ ኣብ ጉዕዝኡ ተዋስኦ ዝበዝሖ ህይወት ኣብ ክንዲ ዝመርሕ፡ ርእሰ ተኣማንነት ዘመመለይኡ ክኸውን፡ ብዓቢኡ ዓቕልን ተጻዋርነት ክህልዎ፡ ንነገራት ኣሉታውን እወታውን መንገዲ ርእዩ ከከም ኣድላይነቶም ኣብ መዓላ ከውዕሎም ይምረጽ።

***



ተማ. ፈሩዝ ኣለም

ህላወ እንተ'ሎ ኩሉ ሕማቕን ጽቡቕን ነገር ኣሎ። እዚ ሕማቕን ጽቡቕን ድማ ጉድኒ ጉድኒ ህላወ ናይ ወዲ-ሰብ ይኸይድ። ሰብን ኩነታትን ክልቲኦም ኣይነጻጸሉን። ሰብ ኩነት ይፈጥር። ኩነት ድማ ኣስተዋጽኦ ናይ ሰብ የንጸባርቕ። ኣብዚ ጉዳይ ተራ መንእሰይ ኣብ ህላወ ናይ ሓደ ሕብረተሰብን ሃገርን እቲ እንኮን ኣገዳሲን እዩ። ብዛዕባ'ዚ ብዙሕ ግዜ ተዘራሪብሉ እዩ። ግዳ ዋላ እንተ ተዘርበሉ ብዛዕባ መንእሰይ ምዝራብ ይኣክል ማለት ግን ኣይብሃልን። ከመይሲ ወለዶ ቀጻልነት ክሳብ ዝሃለወ፡ ቀጻላ ናይ መንእሰይ ዛዕባ ኣሎ።

ብወገነይ ንመንእሰይ ዝገጥምዎ ነገራት ብዙሓት እንድዮም፡ ንሱ ድማ ነቶም ዘጋጥምዎ ብድሆታት በዲሁ ናይ መጻኢ ሰብ ምኻኑ ከረጋግጽ ኣለዎ። እዚ ንስለ ህላዊኡ ክብል ከይፈተወ ዝኣትዎ እዩ። ኣብዚ ውጥን ዕላማ፡ እቲ ቀዳማይ ሓደ መንእሰይ ህላዊኡ ንምርግጋጽ ክገብሮ ዘለዎ ንጥፈታት እዩ። ብድሕሪኡ ትርጉም ዕላምኡ ምንጻር። ከም ሳልሳይ ድማ ነቲ ዝተወጠነ ዕላማ ብኸመይ ኣብ ናይ መጨረሽታ ዓወት የብጽሖ እዩ። ነዚ ንምትግባር ዕንቅፋታት ከጋጥሙ ከም ዝኽእሉ ኣብ ግምቲ ኣእትዩ ኣቐዲሙ ምድላዋቱ ከሐይል ከም ዘለዎ ምፍላጥ የድልዮ።

መንእሰይ ብዝጠቕሙን ዘይጠቕሙን ዝጉንፍዎ ማሓለኻታት ተሰፊሑ ቀርጽ ክኸውን የብሉን። እኳ ድኣ ተባዕን ንነገራት ድማ ከከም ኣመጻጽኦም መካቲ ክኸውን ኣለዎ። ብድሆታት'ውን ማዕረ ናቱ ዕድመ ከም ዘለዎ ኣቐዲሙ ክፈልጥ ኣገዳሲ እዩ። በዳሂ መንእሰይ፡ ሓበንን ኣብነታውን ካብኡ ክረብሑ ናይ ዝደልዩ ኣካላት ኰይኑ፡ ብሩህ መጻኢ ዘለዎ ክኸውን ብርቱዕ ጻዕሪ ክገብር ይሕተት።

***

# ገጸ ሂወት

# ኣንቶኒ ሆፕኪን

ገብሩ ክብረኣብ





**ምሉእ ስም፧ ፊሊፕ ኣንቶኒ ሆፕኪን**
**ዝተወልደሉ ዓመት፧ 1937**
**ዓዲ፧ ዓባይ ብርጣንያ**
**ሞያ፧ ተዋሳኣይ**

ኣብ ተዋስኦ ዓለም 'ጉይቶት' ተባሂሉም ካብ ዝጥቀሱ ሐደትን ብርቂን ተዋሳእቲ ሓደ'ዩ፡፡ ኣንቶኒ ሆፕኪን ተወላዲ ዌልስ'ዩ፡፡ ብዘይካ ኣብ ምዕያይ ፊልም፡ ከም ኣወሃሃዳይን ቀባኢይን ዝጸየሉ እዋናት እውን ነይርዎ'ዩ፡፡ ንሱ፡ ሮያል ወልሽ ኮሌጅ ኦፍ ሙዩዚክ ኤንድ ድራማ ካብ ዘበዝሓ ኮሌጅ ምስተመረቐ ንኸተማ ሎንደን ኣብሉ፡፡ ኣብ ከተማ ሎንደን ሮያል ኣካዳሚ ኣብ ዘበዝሓ ዓቢ ናይ ስነጥበብ ትምህርቲ ድሕሪ ምስልጣን ድማ ንዝልዓለ ደረጃ ተዳለወ፡፡ ኣብ ሮያል ኣካዳሚ ሎንደን ካብ ዝተማህሩ ተማሃሮ ተሓርዩ እውን ናብ ሃገራዊ ትያትር ተወሰደ፡፡ ከምዚ ኸኣ ድማ ኣብ 1968 ንገጸባህሪ ሪቻርድ ቀዳማይ ለቢሱ ኣብ ፊልም 'ዘ ላዮን ኢን ዊንተር' ተዋሰአ፡፡

ሆፕኪን ቀንዲ ዝልለየሉ ፊልምታት፡ ሃኒባል ለክተር ኮይኑ ዝቐረበሉ 'ዘ ሳይለንስ ኦፍ ዘ ላምብስ' ዘ ማስክ ኦፍ ዞሮ፡ ዘ ባውንቲ፡ ሚት ጆ ብላክ፡ ዘ ኢለፋንት ማን፡ ማጂክ፡ 84 ቻሪን ክሮስ ሮድ፡ ብራም ስቶከር'ስ ድራኩላ፡ ለጀንድ ኦፍ ዘ ፎል፡ ቶር፡ ዘ ሪመይንስ ኦፍ ዘ ደይ፡ ኣሚስታድ፡ ኒክሶን፡ ዘ ዎርልድስ ፋስተስት ኢንድያን፡ ኤንስቲንክትን ፍራክቸርን ይጥቀሱ፡፡ ኣብ the silence of the lambs ብዘርኣዮ ብሱል ተዋስኦ ተሸላሚ ሽልማት ኣካዳሚ ኪኸውን በቒዑ፡፡ ብዘይካ ናይ ኣካዳሚ ሽልማቱ፡ ኣብ ሽልማታት BAFTA፡ ኸም ኡ ድማ ሽልማት 'Emmys' ንብሉጻንቱ ዘረጋግጽ ሽልማታት ተዋሂብዎ፡፡

ዝተወልደሉ፡ ማርጋም ዚተባህለ ሓደ ዓዲ ኣብ ዌልስ'ዩ፡፡ ኣቦኡ ሰንካቲ ሕበስቲ ነይሩ፡፡ ግናስ ብዛዕባ ትምህርቲ ብዙሕ ዝግደስ ሰብኣይ'ዩ ዝነበረ፡፡ ሆፕኪን ኣብ ኣካዳምያዊ ትምህርቲ ዘይግደስን ዘይዕወትን ብምንባሩ ድማ ምስ ኣቦኡ ምቅዳው ደስእኑ ነይርዎ፡፡ ንሆፕኪን ካብ ኣካዳሚ ምቕባእ ወይ ምስኣል ወይ እውን ፒያኖ ምጽዋት'ዩ ዝበርሆ ነይሩ፡፡ ብናይ ወለዱ ጸቕጢ ግን ጆንስ ኣብ ዚተባህለ ቤት-ትምህርቲ ኣውዳት ክሳብ ማእከላይ ደረጃ ኪመሃር ተገደደ፡፡ ድሕሪ ዚ እውን ኮውብሪጅ ኣብ ዘበዝሓ ናይ ሰዋስው ቤት-ትምህርቲ ትምህርቱ ቀጸለ፡፡ እዚ ናብ ሎንደን ቅድሚ ምኻዱ ኣብ ዌልስ ከሎ ዝተማሃሮ'ዩ፡፡

ሆፕኪን ብዛዕባ ስነጥበብ ዝሓደሮ ተገዳስነት ብርቱዕ ምንባሩ ዘመስከረሉ ግዜ ዓሰርተሓሙሽተ ዓመት ምስ ደፈነ ኸሎ፡፡ በቲ ግዜቲ ንሱ ምስ ሪቻርድ ባርተን ተላለየ፡፡ ሪቻርድ ባርተን ወዲ ዌልስ ኮይኑ ስነጥበበኛ'ዩ ዝነበረ፡፡ ናይ ሆፕኪን ዝንባለን ወህበትን ድሕሪ ኣላለዩ ኸኡ ናብ ናይ ስነጥበብ ትምህርቲ ክጽንበር ከም ዝሃብ ደፊኡ፡፡ በዚ ምኽንያታት እምበኣር ሆፕኪን ካብቲ ስሩዕ ኣካዳሚ ተኣልዩ ኣብ ኮሌጃት ስነጥበብ ዘንበዐ፡፡ ኣብ ናይ መዚቃን ድራማን ኮሌጅ ኣትዩ፡ ተማሂሩ፡ ኣብ 1957 ምስተመረቐ ኸኣ ንኽልተ ዓመታት ሃገራዊ ግቡኡ ፈጸመ፡፡ እቲ ምፍጻም ሃገራዊ ግቡእ ንዘበለጸ ምህሮ ኣንፈት ኪኸዋ ስለዝኸኣለ ኸኣ ብኡ ኢሉ ዓበየ፡፡

ሆፕኪን ንፈላማ እዋን ኣብ መድረኽ ደዩቡ ዝተዋስኣሉ እዋን፡ ኣብ 1960'ዩ፡፡ እቲ ቦታ ኣብ ስዋንሲ ኮይኑ፡ ኣርእስቲ ናይቲ ድራማ ኸኣ 'ሃቭ ኣ ሲጋረት' ዚብል (have a cigarette) ነበረ፡፡ ኣብ ድራማዊ ስራሓት ንሆፕኪን ቀንዲ ዝጸለዎ ላውረንስ ኦሊቨር'ዩ፡፡ ሓደ እዋን ኦሊቨር 'ዘ ዳንስ ኦፍ ደዝ' (the dance of death) ዚብል ድራማ ኪዋሳእ ኣብ ምቕርራብ ከሎ ሕማም ጸላም ኩብዲ ሓመመ፡፡ በቲ ከም ግዜ ንእሽቶ ሓዉ ኮይኑ ምሳኡ ዝነበረ ሆፕኪን ነበረ'ሞ፡ ንኸሉ ምንቅስቓሳት ኦሊቨር ከጽንዕ ዕድል ረኸበ፡፡ ድሕሪዚ እምበኣር ንሱ፡ ከም ሓደ ቅዲ ዘለዎ ተዋሳኣይ ኪኸውን ዝበቕዐ፡፡

ኣብ መድረኽን ትያትራትን ብደረጃ ዓባይ ብርጣንያ ብዙሕ ዕዮ ዓየየ፡፡ ተቐባልነቱ ድማ ዘሞማትእ ኾነ፡፡ ሆፕኪን ግን ካብቲ ተደጋጋሚይን ኣህላኺን ዕዮ ትያትር ናብ ፊልም ኣብሉ ክዘምብል ብዙሕ ድሌት ነይርዎ፡፡ ኾይኑ ኸኣ ኣብ 1967 ኣብ ሓደ ብBBሲ ዝተዳለወ ንእሽቶ ናይ ቪድዮ ስራሕ ተቐድሐ፡፡ ድሕሪ ሓደ ዓመት ኸኣ ብወግዒ ኣብ ፊልም ተዋሰአ፡፡

ወላኳ ሆፕኪን ኣብ መድረኽ ድራማ ምውሳእ እንተቐጸለ ኣብ መወዳእታ ግን ናይ ተለቪዥንን ናይ ፊቸር ፊልምን ተዋሳኣይ ኮይኑ'ዩ፡፡ ዓባይ ናይ ተለቪዥን ፊልም 'the great inmitable mr. dickens' ኣብ 1970 ምስተዋሰአ ድማ ብዙሕ ኣፍልጦ ተዋህቦ፡፡ ቀጺሉ፡ ዎር ኤንድ ፒስ(war and peace)፡ ደሓር ኣብ ያንግ ዊንስን (young winson) ዝኻኣ ሓፍ በለ፡፡ ኣብ 1980 ኣብ 'the elephant man' ተራእዩ፡፡ 'ኤ ቸንጅ ኦፍ ሲዝንስ' ንስራሕ ምስቀረበት ድማ፡ ንቐንዲ ገጸባህሪ ተረቒሑ፡፡ ብቐዓት ከንጸብርቐላ ወጢኑ ኸኣዩ ዝበረ፡፡ እንተኾነ ካልኣይቱ ኾይኑ ዝተዋስኣት ሸርሊ ማክለይን ወኑ ካብ ምውዳእ ስለዝዋንቀጾ ከምቲ ዝበሃ ኣይተዋስኣን፡፡ 'ሸርሊ ማክለይን ምሳይ ካብ ዝተዋስኡ ስነጥበበኛታት እታ መዳርግቲ ዘይርከባ መሻኽርቲ' ኪብል ይገልጻ - ንሸርሊ፡፡


ኣብ 1984 ደብስ ዝኾኑቶ ፊልም 'mutiny on the bounty' ተዋሰአ፡፡ ኣብታ ፊልም ምስ መል ጊብሰን ስለዝጸመደ ድማ ንብቕዓቱ ኣውጺኡዎ፡፡

ኣብ 1950 ሆፕኪን ኣብ 'ዘ ሪመይንስ ኦፍ ዘ ደይ' ዝተዋሰኣሉ እዋን'ዩ፡፡ ብመገዲ'ታ ፊልም ኸኣ ንብሉጽ ተዋሳኣይ ኣካዳሚ ተሓጺዩ ነበረ፡፡ እታ ፊልም ንገዛእ ርእሳ ሓንቲ ካብ ብሉጻት ፊልምታት ተባሂላ ተሰምያ ነበረት፡፡

ኣብ 1990ታት ሆፕኪን ኣብ ክልተ ዓበይቲ ፊልምታት ተራእዩ - 'ለጀንድ ኦፍ ዘ ፎል'ን 'legends of the fall' 'ዘ ኤጅ'ን፡፡ ሆፕኪን ኣብ 1998 ኣብ ዘ ማስክ ኦፍ ዞሮን ሚት ጆ ብላክን ኪዋሳእ ከሎ ኣብ ዓባይ ብርጣንያ ዝልዓለ ክፍሊት ዝረኸበ ተዋሳኣይ ነበረ፡፡ ኣብ 2000 ዶክተር ሃኒባል ለክተር ዳግማይ ክትፈሪ ኸሉ ድማ ንውልቁ 15 ሚልዮን ፓውንድ ተኸፊሉ፡፡ ዝተታት ምስገበረ ኸኣ'ዩ ካብ 'ዓለም ዝና ሆሊወድ' (hollywood walk of fame) ኮኾብ ዝተሓንገጠ፡፡

ሆፕኪን ክሳብ ሎሚ ተዋሲእዎ ኣብ ዘሎ ፊልምታት ንዝለበሶም ገጸባህርያት ኪጠቕስ ከሎ፡ ከም ባርት ሙንጎ ጊይሩ ባህ ዘበሎ ከምዝጸለ'ዩ ዝዝረብ፡፡ ሙንጎ 'ዘ ዎርልድስ ፋስተስት ኢንድያን' ኣብ ዚብል ፊልም ዝተዛዘ ገጸባህሪ'ዩ፡፡ ንሱ፡፡ ንሙንጎ ምኽንያት መፍተዊኡ ኪጠቕስ ከሎ 'ኸኡ ሙንጎ ንገዛእ ድሌተይን ጠባያይን'ዩ ዘዘክረኒ' ኢሉ ነበረ፡፡

ንዝተዋህቦ ገጸባህሪ ናይ ምጽናዕ ፍሉይ ትዕድልቲ ከምዘለዎ'ን ዝነገረሉ ሆኪን ድሕሪ 2010፡ ኣብ ፊልምታት 'The rite', 'Thor', 'Hitchcock', 'Noah' ተዋሰአ፡፡




# ማሕበራዊ ህይወት

ሆፕኪን ዛጊት ሰለስተ ሳብ'ዩ ተመርዕዩ፡፡ እተን ክልተ ቀዳሞት ኣንስቱ፡ ፖትርሻ ባርክርን ጀኒፈር ላይንቶንን ይበሃላ፡፡ ካብ ቀዳመይቲ ሰበይቱ ኣቢጋል ዘስማ ውላድ ኣሎቶ፡፡ ኣቢጋል ናይ ኣቦኣ ብምሓዝ ስነጥበበኛ ኹይናስ ተዋሳኢትን ደምጻዊትን'ያ፡፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ሆፕኪን ምስ መበል ሳልሰይቲ ሰበይቱ ኢስተላ ኣሮያ'ዩ ዚነብር ዘሎ፡፡ ክልተኦም ድማ ኣብ ማሊቡ ከምዚቕመጡ ይፍለጥ፡፡



ሆፕኪን ብዙሕ ናይ ክብሪ መዓርግ ዝረኸበ ብርጣንያዊ'ዩ፡፡ ኣብ 1987፡ ኣብ ስነጥበብ ብዘዘበሮ ኣበርክቶ፡ 'knight' ዚብል ሽመት ተዋሂብዎ፡፡ ኣብ 1992 እውን ካብ ዩኒቨርስቲ ዌልስ ናይ ክብሪ መዓርግ ተቐቢሉ'ዩ፡፡

# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል ermileul@gmail.com

## ኣድሓኖም ተዓዊቱ

ብቕድሚ ትማሊ ኣብ ዝተኻየደ መዛዘሚ ውድድር ውድድር ዘዋሪት ዋንጫ ኤርትራ 2015፡ ተቐዳዳማይ ክለብ ሰምበል ኣድሓኖም ዘሚከኤል ብድምር ነጥቢ ተዓዊቱ ኮይኑ።

ኣብቲ ብትካል ቶታል ብዝተዋህበ ሽልማት ዝተኻየደ ናይ ክልተ መድረኻት ውድድር፡ ክለብ ኣስቤኮ ብድምር ነጥቢ ንጋንታ ንዘወሃብ ሽልማት ክትዓትር እንከላ፡ ብውልቂ ድማ ተስፋይ ምሕረትኣብን መትከል እዮብን ካልኣይን ሳልሳይን ብምውጻእ ናብ መድረኽ ሽልማት ደይቦም።

** ** **

ካልኣይን ናይ መዛዘሚን መድረኽ ኣብ ከባቢ እንዳማርያም እዩ ተኻይዱ። ተቐዳደምቲ ድማ 83 ዙርያ ማለት 116.2 ኪ.ሜ ሸፊኖም። ንሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ወኪሎም ኣብ ዙር ሩዋንዳ ንምስታፍ ኣብ ምድላዋት ዝርከቡ ዘለው ተቐዳደምቲ ሜሮን ተሾመ፡ ኣሮን ደብረጼን፡ ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄርን መትከል እዮብን ኑቲ ውድድር ካብ ፈለማ ብሓያል ናህሪ ክቕልስዎ ተራእዮም። ከም ውጽኢቱ ድማ ብዙሓት ተቐዳደምቲ ግዳይ ኮኑ። ሓደ ካብዚኦም ኣብ ናይ ቀዳም ናይ በረኻ ውድድር ዝተዓወተ ሜሮን ኣማኑኤል ነበረ።

እቲ ውድድር ሓደት ዙርያታት ጥራይ ምስ ተላዕለ፡ ብዘይካዞም ኣርባዕተ ተቐዳደምቲ ሃገራዊት ጋንታ ናይ ኣስቤኮ የናስ ኪዳኑ፡ የውሃንስ ወልደሩፋኤል፡ ተስፋይ ምሕረትኣብ፡ ኣኽሊሉ ገብረህይወትን ኣቤል ተወልደመድህንን፤ ካብ ኤሪተል የናስ ፍስሃየን መርሃዊ ጎይትኦምን፤ ካብ ሰንበል ኣድሓኖም ዘሚከኤል ካብ ጂጋንት ድማ ሚከኤል ተኽለማርያም ኣብ ቅድሚት ነበሩ።

ኣብ ቅድሚት ዝነበሩ ኣባላት ሃገራዊት ጋንታ፡ ዋላኳ ፈለማ ንኣሮን ደብረጼን ጸኒሖም ድማ ንሜሮን ተሾመ ብሰንኪ ምብልሻው ብሽክሊታ እንተኸሰርዎም ናህሮም ግን ኣይቀነሱን። ዝበዝሐ ቁጽሪ ዝነበሮም ተቐዳደምቲ ኣስቤኮውን ሕልፍ ሕልፍ ኢሎም ሓላፍነት ናይታ ጉጅለ ምውሳድ ጀመሩ።

ክልተ ዓበይቲ ጉጅለታት ኣብ ማእከል እቲ ናይ ውድድር መድረኽ ሓያል ምትህልላኽ ኣንጸባረቓ። እንተኾነ መሪሒት ጉጅለ ሓየለት። ከም ውጽኢት ናይዚ ኤልያስ ኣፍወርቂ፡ ሜሮን ተሾመ ኣሮን ደብረጼንን ገለ ገለ ተቐዳደምቲ ሰምበል ሓቚፋ ዝነበረት ካልኣይቲ ጉጅለ ጸወታ ክዛዘም 37 ዙርያ ምስ ተረፎ ዙርያ ስለ ዝተደረበላ ካብቲ ናይ ውድድር መድረኽ ተኣልየት።

ጸወታ ድማ ኣብቶም ኣብ ቀዳመይቲ ጉጅለ ዝነበሩ



ቀዳም ኣብ ዝተኻየደ ናይ በረኻ ውድድር ዝተዓወተ ሜሮን ኣማኑኤል

ተቐዳደምቲ ጥራይ ኣብ ዝተሓጽረለ፡ ነታ ዝነበርዋ ጉጅለ ኣብ ምክትታል ተጸሚዶም ዝነበሩ የናስ ፍስሃየ ናይ ኤሪተልን ኣድሓኖም ዘሚከኤል ናይ ሰምበልን ናህሮም ኣሐየሉ። መትከል እዮብ ካብ ሃገራዊት ጋንታን ተስፋይ ምሕረትኣብ ካብ ኣስቤኮን ጥራይ ድማ እግሪ እግሮም ሰዒቦም።

ኣብ ናይ ቀዳም ውድድር ተስፋይ ምሕረትኣብ ካብ ኣስቤኮ ካልኣይ፡ ኣድሓኖም ዘሚከኤል ካብ ሰንበል ድማ ሳልሳይ ተርታ ሒዞም ውድድሮም ዛዚሞም ስለ ዝነበሩ፡ ዕውት ቀዳማይ መድረኽ ሜሮን ኣማኑኤል ድማ ብዙርያ ተገሊፉ ስለ ዝነበረ፡ ዘዋሪት ዋንጫ ካብ ክልቲኦም ከምዝይሓልፍ ርዱእ ነበረ። እዞም ክልተ ተቐዳደምቲ ኣብ ቀዳመይቲ ጉጅለ እዮም ነይሮም። ኣብ ካልኣይቲ ድማ ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄርን የውሃንስ ወልደሩፋኤልን ተረፎም። እንተኾነ ውድድር ክዛዘም ትሽዓተ ዙርያ ምስ ተረፎ፡ ቀዳመይቲ ንካልኣይቲ ስለዝረኸበታ ውድድር ኣብ ኣባላት ቀዳመይቲ ጉጅለ - ኣድሓኖም፡ የናስ፡ ተስፋይን መትከልን ተሓጽረ።

ኣብ መወዳእታ ኣብ ዘካየድዎ ቅጽበታዊ ውድድር ቀዳማይ መትከል እዮብ ካብ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ካልኣይ ኣድሓኖም ዘሚከኤል ኮነ። ሳልሳይ ተስፋይ ምሕረትኣብ ክወጽእ እንከሎ፡ ራብዓይ ደረጃ ኸኣ ኣብ ናይ መወዳእታ ዙርያ ብሽክሊታ ብዘቖየረ የናስ ፍስሃየ ተታሕዘ።

ብሓፈሻዊ ውጽኢት ኣድሓኖም ዘሚከኤል - ሰንበል ዕውት ክኸውን እንከሎ፡ ተስፋይ ምሕረትኣብን መትከል እዮብን ድማ ካልኣይን ሳልሳይን ኮይኖም። እዞም ተቐዳደምቲ ንውድድር ትሕቲ 23 ዓመት እውን ጸብለል ስለዝበሉ ብተኸታታሊ ደረጃኦም ዓቲቦም ተዓወቱ።

ኣድሓኖም ናይ መዛዘሚ ሕንጻጽ ድሕሪ ምርጋጹ፡ እቲ ውድድር ከቢድ ከምዝነበረ ኣረዲኡ። ቡቲ ዓወት ኣዝዩ ሕጉስ ምዃኑ ዝገለጸ እቲ ተቐዳዳማይ ክለብ ሰምበል፡ ኑቲ ዓወት 'ንኣደይ እወፍዮ' ክብል ድማ ተመሰሞዐ።

** ** **



ብድምር ነጥቢ ኣድሓኖም ዘሚከኤል - ሰምበል ዕውት ዘዋሪት ዋንጫ ኤርትራ 2015 ክኸውን እንከሎ፡ ተስፋይ ምሕረትኣብን መትከል እዮብን ድማ ካልኣይን ሳልሳይን ኮይኖም።



# ቱር ደ ፋሶ 2015

## ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ደሚቓ

ትማሊ ኣብ ዝተኻየደ ራብዓይ መድረኽ ዙር ብሽክሊታ ቡርኪናፋሶ (ቱር ደ ፋሶ) 2015፡ ተቐዳዳማይ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ መኸሰብ ደብሳይን ሳልሳይ ደረጃ ሒዙ።

ኣብቲ ካብ ርእሰ ከተማ ኢጋዱጉ ተበጊሱ ኣብ ኮዱጉ ዝበጽሐ ናይ 97.5 ኪሎሜተር ውድድር፡ መኸሰብ፡ ቀዳማይ ካብ ዝወጸ ተቐዳዳማይ ቡርኪናፋሶ ሳሊፉ ያርባኛ ብሸውዓተ ካልኢት ድሒሩ ኣብ መዛዘሚ ሕንጻጽ በጺሑ። ምስ መኸሰብ ናብ ቅጽበታዊ ውድድር ዝበጽሐ ሚከኤል ሃብቶም ድማ ራብዓይ ደረጃ ክሕዝ እንከሎ፡ የናታን ሃይሉ ሻዱሻይ፡ መሓሪ ተስፋጼን 29፡ በረኸት የማነ መበል 39 ከምኡ ድማ ሚልዮን ኣማኑኤል መበል 44 ደረጃ ሒዞም።

ኣብቲ ተቐዳደምቲ ብገምጋም 39.2 ኪሎሜተር ኣብ ሰዓት እናተወንጨፉ ውድድሮም ኣብ ዝዛዘሙሉ ውድድር ስዊዘርላንዳዊ ማኑኤል ስቶከር ካልኣይ ወጺኡ።

ብቕድሚ ትማሊ ኣብ ዝተኻየደ ሳልሳይ መድረኽ ዙር ቡርኪናፋሶ ( ቱር ደ ፋሶ) 2015፡ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ሚከኤል ሃብቶም፡ መኸሰብ ደብሳይን የናታን ሃይሉን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ብምውጻእ ኣንጸባራቒ ዓወት ኣመዝጊቦምዮም።

ኣብቲ 142 ኪ.ሜ ዝሸፈነን ካብ ከተማ ኮምቢሲሪ ናብ ካያ ዝተባህለ ከተማ ኣብ ዝበጽሐ መድረኽ፡ ሚከኤል ሃብቶምን መኸሰብ ደብሳይን ኣቐዲሞም ብዝፈጸምዎ መጥቃዕቲ እዮም ብዘይተቓጸጸ ናይ ኣስታት 20 ካልኢት ፍልልይ ብምንጻፍ ኣብ መዛዘሚ ሕንጻጽ በጺሖም። ሚከኤል ቀዳማይ ክወጽእ እንከሎ፡ መኸሰብ ድማ ካልኣይ ኮይኑ። ዓብኡ ጉጅለ ተጠርኒፉ ኣብ ዘካየደቶ ቮላታ ድማ የናታን ሃይሉ ብዝኸኣደ ብቕዓት ኣብ መዛዘሚ ብምብጽሑ እዩ፡ ንዓወት ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ምስ ሚከኤልን መኸሰብን ኣድሚቑ። ኣብቲ ዕለት፡ በረኸት የማነ ሻዱሻይ ደረጃ ክሕዝ እንከሎ፡ መሓሪ ተስፋጽዮን ዓስራይ፡ ሚልዮን ኣማኑኤል ድማ መበል 23 ደረጃታት ምሓዞም ሳይክሊን ኒውስ ገሊጹ።

ኣቐዲሙ ኣብ ዝተኻየደ መድረኻት፡ ኣብ 2ይ መድረኽ፡ ሞሮካውያን ተቐዳደምቲ መሓመድ ኤል-ራፋይን ላሕሰይን ሙሕሰይንን ንመቐዳድምቶም ራሕሪሖም ቀዳማይን ካልኣይን ብተኸታታሊ ክዕወቱ እንከለው፡ ምስታ ሽዱሽተ ደቒቕ ደንጉያ ናብ መዛዘሚ ሕንጻጽ ካብ ዝበጽሐት ጉጅለ ድማ ሚከኤል ሃብቶም መበል 16፡ የናታን ሃይሉ መበል 17፡ መሓሪ ተስፋጽዮን መበል 27፡ በረኸት የማነ ድማ መበል 30 ተርታ ሒዞም።

10 መድረኽ ዝሓዘ ዙር ደ ፋሶ፡ ሎሚ ብናይ 115 ኪሎሜተር ካብ ኮዱጉ ናብ ቦሮሞ ብዝበጽሕ ናይ ሓሙሻይ መድረኽ ውድድር ክቕጽል እዩ። ናብዚ ውድድር ድማ፡ ላሕሰይን ብ13 ሰዓት፡ 40 ደቒቕን፡ 10 ካልኢትን ብጫ ማልያ ወደዩ ክኣቱ እዩ። ወዲ ዓዱ መሓመድ ብደቒቕን 23 ካልኢትን ድሒሩ ካልኣይ ደረጃ ክሕዝ እንከሎ፡ ተቐዳደምቲ ቡርኪናፋሶ ማቲያስን ሃሮናን ድማ ብደቒቕን 34 ከምኡ ድማ 2፡11 ደቒቕን ድሒሮም ሳልሳይን ራብዓይን ይርከቡ።

ሚከኤል ሃብቶም 5 ደቒቕን 33 ካልኢትን ድሒሩ ሻመናይ ደረጃ ክሕዝ እንከሎ፡ መኸሰብ ደብሳይን በረኸት የማነን ኸኣ ታሽዓይን ዓስራይን ይርከቡ። የናታን ሃይሉ መበል 14፡ መሓሪ ተስፋጼን መበል 16 ከምኡ ድማ ሚልዮን ኣማኑኤል መበል 19 ደረጃ ብምሓዝ ናብዚ ናይ ሎሚ ውድድር ክኣትው እዮም።

ኣብ ውድድር ነጥቢ፡ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ደሚቖም ይርከቡ። ሚከኤል ሃብቶም ብ77 ካልኣይ፡ የናታን ሃይሉ ብ73 ሳልሳይ፡ መኸሰብ ደብሳይ ብ62 ሓሙሻይ፡ በረኸት የማነ ብ49 ሻውዓይ ደረጃ ብምሓዝ ኣሰማቶም ምስ ቀዳሞት 10 ተሰሪዑ ይርከብ። መሓሪ ተስፋጼን ብ26 ነጥቢ መበል 16፡ ከምኡ ድማ ሚልዮን ኣማኑኤል ብኣርባዕተ ነጥቢ መበል 33 ደረጃ ዝሓዙ እዮም። ኣዚ ቅልስ ሞሮካዊ ላሕሰይን ብ88 ነጥቢ ቀጠልያ ማልያ ብምውዳይ ይመርሖ'ሎ።

ኣብ ውድድር ብሉጽ መንእሰይ፡ ሚከኤል፡ መኸሰብን የናታንን ካብ ሳልሳይ ክሳብ ሓሙሻይ ንዘሎ ደረጃ ብተኸታታሊ ብምሓዝ ናብዚ ናይ ሎሚ ሓሙሻይ መድረኽ ክኣትው እዮም። መሓሪን ሚልዮንን ድማ ሻዱሻይን ታሽዓይን ደረጃታት ሒዞም ኣለው። ኣዚ ውድድር'ዚ ዝመርሕ ዘሎ ኣልጀርያዊ መንሱሪ ድማ ጻዕዳ ናይ ክብሪ ማልያ ኣብ ዝባኑ ትርከብ።

ብዓላሚ ሳምሶን ሰለሙን ትእለ ዘላ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ኣብ ናይ ጋንታ ውድድር ብ11 ደቒቕን 18 ካልኢትን ካብ መራሒት ሞሮኮ ድሒራ ሳልሰይቲ ትርከብ። ቡርኪናፋሶ ድማ ንኤርትራ ኣኺቲላ ካልኣይቲ ኣላ።

ቱር ደ ፋሶ፡ ብመዐቀኒ ዩሲኣይ ናይ 2.2 ደረጃ ዘለዎ እዩ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር ኣስታት 60 ተቐዳደምቲ ኣብ ውድድር ተጸሚዶም ኣለው።

ኣብዚ ውድድር'ዚ፡ ኤርትራ፡ ንበረኸት የማነ፡ መሓሪ ተስፋጼንን ካብ ኣስቤኮ፤ ሚከኤል ሃብቶምን የናታን ሃይሉን ካብ ሰንበል፡ ሚልዮን ኣማኑኤል ካብ ኤሪተል ከምኡ'ውን መኸሰብ ደብሳይ ካብ ክለብ ባይክ ኤይድ ኣሳቲፋ ትርከብ።

### ካልኣይ ዙርያ እዚ ህዝባዊ ሰራዊት ይቕጽል

ንኸዘዝም ኣስታት ክልተ ሰሙን ተሪፍዎ ዘሎ ስፖርታዊ ንጥፈታት እዚ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ብውዕውዕ ስፖርታዊ መንፈስ ኣብ ከተማ ከረን ይቕጽል ኣሎ።

ኣብ ጸወታታት ኵዕሶ እግሪ፡ ኣብ ምድብ ክልተ ምትራፊን ዘፍለጣ ሱቲትን ዛራን እየን ተራኺበን። ሱቲት ድማ 2ብ0 ተዓዊታ። ቀይሕ ኮኸብን ኣውላን ቀዳመይትን ካልኣይትን ኮይነን ንምሕላፍ ኣብ ዘካየዳኦ ግጥም ድማ 2ብ2 ተፈላልየን። ቀይሕ ኮኸብ ቀዳመይቲ ኮይና ኣውላ ድማ ካልኣይቲ ኮይና ናብ ግጥም ርብዒ ፍጻመ ሰጊረን ኣለዋ።

ኣብ ምድብ ሓደ ቶኮር ኣቐዲማ ምሕላፉ ኣረጋጊጻ ኣላ።

ኣብ ግጥም ኵዕሶ ሰኪዔት፡ ካብ ምድብ ሀ ደቂ ተባዕትዮ፡ ኣውላን ዐብልን ክሓልፋ እንከለዋ፡ ካብ ምድብ ለ ድማ ዛራን ሱቲትን ሰጊረን ኣለዋ። ኣብ ምድብ ሀ ደቂ ኣንስትዮ ኣውላን ቶኮርን፤ ካብ ምድብ ለ ድማ ዛራን ሆሚብን ንዋንጫን ንደረጃን መን ሓለፈ ካብ ሎሚ ጀሚረን ዕጭዐን ብዝበጽሐን ክጻወታ እየን።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ውድድራት ኣትሌቲክስ ትራክን ፊልድን ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ከምኡ ድማ ጨመተ ተኸሲ ኣብ ከረን ተኻይዱ ነይሩ። ብጋንታ ደምሒና ቀዳመይቲ ክትወጽእ እንከላ፡ ሱቲትን ዐብልን ድማ ካልኣይትን ሳልሰይትን ኮይነን።

ኣብ ያታዊ ስፖርት፡ ኣውላ ቀዳመይቲ፡ ዐብል ካልኣይቲ ከምኡ ድማ ሱቲት ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ።

ሚከኤል መብራህቱ

### ተወሳኺ . . .

+ ኣርጀንቲናዊ ካርሎስ ተቬዝ፡ ምስ ቦካ ጁንየርስ ሻምፕዮን ኣርጀንቲና ኮይኑ። ተቬዝ፡ እታ ዋንጫ ሻመኣይቲ ናይ ሊግ ዓወቱ (ኣብ ኣርባዕተ ሃገራት ምዃኑ እዩ) ኮይና ተመዝጊባትሉ ኣላ። ዝሓለፈ ሰነ ናብ ቦካ ዝተመልሰ ተቬዝ፡ ኣብ ብራዚል፡ ዓዲ እንግሊዝን ኢጣልያን ኣብ ዝካየዱ ናይ ሊግ ጸወታታት ምስ ክለባት ኮረንትያንስ፡ ማን ዩናይትድ፡ ማን ሲቲን ጁቬን ጸዋእ ከልዕል ክኢሉ እዩ። ወዲ 31 ዓመት ተቬዝ፡ ናብታ ዘዕበየቶ ክለብ ቦካ ምስ ተመልሰ ኣብ ዝተኻየደ 14 ጸወታታት 11 ዕላማ ተመዝጊቡ።

+ ብቐዳም፡ ብሊቨርፑል 3ብ1 ዝተሳዕረ ዓላሚ ክለብ ቸልሲ ሞሪኖ፡ ኣብ መገሻኡ ከምዝጸንሖ ተዛሪቡ። እቲ ሻዱሻይ ስዕረት ኣብ ውድድር ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ዘመዝገበ ሞሪኖ፡ "ደገፍቲ ክለብይ ኣብ ልዕለይን ተጻወትቲ ቸልሲን እምንቶ ኣለዎም። ንጻዕርና ድማ ብዝዋጋእ ይፈልጥዎ እዮም" ክብል ተሰሚዑ። ካብ ውድድር ካፒታል ዋን ዝተኣልየት ቸልሲ፡ ንሞሪኖ ናይ ምብራር ተኽእሎ ከምዝለዋ ይግለጽ። ንብታ ናይቲ 52 ዓመት ዓላሚ ድማ ሓያል ኣሰልጠንቲ ክትክኡ ከምዝኽእሉ ይግለጽ። ትማሊ ድማ ብራዚላዊ ፋብዮ ካፔሎ ኑቲ መዘዙት ክርከብ ከምዝኽእል ደይሊ ሚረር ኣፍሊጣ።

+ ኣስቶን ቪላ ንናይ ቅድም ዓላሚ ክለብ ሊዮን ረሚ ጋርደ ከምዝቖጸረት ኣፍሊጣ።



ኣብ ሳልሳይ መድረኽ ዝተመዝገበ ኣንጸባራቒ ዓወት ሚከኤል ሃብቶምን መኸሰብ ደብሳይን

# ምልክታ

ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጉዳይፍን ሰማባልን

ኣብ መጎት ከሳሲት ራሄል ኣማኒኤል ምስጦስ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሃብተማርያም ኣብርሃ ኣድሓኖም፡ ዝቐረበልና ሲቪላዊ ክሲ ጉዳይ ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ተኸሳሲ ኣብ ኣድራሻኡ ስለዘይተረኸበ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ን23/11/15 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ ኣብ ዘየለወሉ ጉዳዩ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

**Notice**

The partners of Bein Construction PLC in their meeting of October 7, 2015 have resolved to transfer all the number of shares owned by the late Ato Bein Araya Hailu and Wro Abeba Woldemichael Gubsa to the donation receivers. Thus, the present ownership of the company is:

| Name | # of Shares |
|---|---|
| 1. Ato Sium Bein Araia | 300 |
| 2. Ato Mulugeta Bein Araia | 300 |
| 3. Wro Yordanos Bein Araia | 300 |
| 4. Ato Michael Teklay Araia | 300 |

Bein Construction PLC

## ብስራት ንደለይቲ ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዝ

ቤት ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዝ ኣበባ ፡ቋንቋ እንግሊዝ ከምህር ሓድሽ ምዝገባስ ጀሚሩ ከምዘሎ ብሓጎስ እንዳሓበረ ዝህቦ ትምህርቲ ኣብ ሰለስተ ደረጃታት (level) ዝተኸፍለ ኮይኑ ብብሉጻት መምህራንን ብኮምፒዩተር ዝተሰነየ መሰኣለጥያታት እንዳተጠቐመን ቋንቋ እንግሊዝ ኣብ ሃጺር እዋን ከምእትመልኽዝገብር ምዃኑ ብሓጎስ የበስር።

ምዝገባ ጀሚርና ኣለና
ሰዓታት ምዝገባ 8:00___ 12:00 ቅ፡ቀ
2:30 ____6:00 ድ.ቀ
ኣድራሻና፦ ጎደና ብድሆ ፊት ሳንሻይን ሆቴል
ፊት ኢንሹራንስ እዩ

ተለፎን 11 15 46
ሞባይል፦07114840 ---- 07162410
ብምድዋል፦ ንመም ሳምሶም ትኳቦ
ወይ ንመም/ደበሳይ ግርማይ ተወከሱ።
ቤት ት/ቋንቋ እንግሊዝ ኣበባ

## ብስራት!

ኣብ ተሰነይ ዝርከብ ሓድሽን ዘመናውን ጺጋይ ሆቴል፡ ንኹሉ ኣገልግሎት ኣብ መደቀሲ መግቢን ባርን ምዝንጋዕን ንምምዋሉ ከሐጉስ ድልው ስለዘሎ፡ ከሉኹም ዓማዊልና ካብ ርሑቕን ቀረባን ምጹና ብጽሑና ተሳለዩና ብኣገልግሎትና ሕጉሳት ከምትኾኑ ርግጸኛታት ኢና።

ተወሳኺ ኣብዚ ሆቴልዚ ዝሰርሑ ብቕዓትን ተመክሮን ዘለዎም ደሞዝ ብስምምዕ ካብ ዝሰርሕዎ ኮምሽን ዝሕሰቦም ማናጀር ቺፍ ኩክ(chief cook) ናይ ሕሳብ ክኢላ ካሽር፡ ሰክሬታሪ ስለዘድልዩና፡ ግዱሳት ኣብ ኣስመራ 119032፡127647፡07122115 ኣብ ተሰነይ 721282 07114596 ተወከሱና።


ካብ ጺጋይ ሆቴል

## ሓጋዚት መጽሓፍ ምስ ምጅማር ትምህርቲ

**Open the door**

ህጻናት ደቅኹም እናተዘናግዑ ዝመሃሩላ መጽሓፍ
ተኸፊቲ ማዕጾ ዘለዋ ብዓይነታ ፍልይቲ መጽሓፍ

ብቀሊል መገዲ
**ፊደላት ኢንግሊዝ**
ንኽምልኩ
**Open the Door**
ይጠቐሙ !




✓ ንመዋእለ ህጻናት
✓ 1ይ ክፍሊ
✓ 2ይ ክፍሊ

A ኣ
B ብ
C ክ
D ድ E F G

ሕብራዊን ብቐሊሉ ዘይቅደድን ተሪር ወረቐት
ኣዳላዊ መም.ሙሴ ምሕረትኣብ ቴሌ.07492060




## ምልክታ

ኣመልካቲት ኣነ ወ/ሮ ጺጋ ገብረእግዚኣብሄር በለጹ ዝተባሃልኩ ኣብ ዞባ 9 ምም.10 ጎደና (ሰ)ጎደና (131-5 ቁ ገዛ 41) ዝርከብ ገዛ ኣብ ወሸጢ መካበያይ 2ተ ክፍሊ ዝተሰርሐ ስፍሓቱ 26 ት/ሜ ዝኾነ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ብቁ.ወዕል 0068/2003 ብኑበረት ቁ.መዝገብ 0068/03 ዕለት 11/12/2003 ካብ ስም ኣደይ ወ/ሮ ሂወት ሃደለ ፋይድ ናብ ስመይ ዝተመዝገበ ገዛ ናብ ኣቶ ክፍላይ ሰዩም ስለዝሸጥኩሉ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ሐዙ ኣብ ወሽጢ 30 መዓልታት ኣብ ቤት ጽሕፈፍት ፓብሊክ ኖታሪ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጺጋ ገብረእግዚኣብሄር

ኣነ ኣንገሶም ገብረስላሴ ዝተባሃልኩ ኑቲ ኣብ ከተማ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ደቡባዊ ምብራቕ ምም ከበ. ጎዳይፍ (ቀሓውታ) ጎደና 713 ቁጽሪ 09 ዝርከብ ብኮምሽን ኣባይቲ ብመወከሲ ቁጽሪ 141879 ምስክር ዋንነት ቁጽሪ 115148 ብስም ወረስቲ ነ/ሄር ኣልበኢ ገብረሚካኤል ወደዘሮ ርሻን ተኽለ ጆንጉላ+7 ዝተዋህቦ ኣብ ሃገራዊ ካዳስተር ብኑበረት ብመለለይ ቁጽሪ 63181/103858 ዝተመዝገበ ገዛ ካብ ወ/ሮ ርሻን ተኽለ ጆንጉላ + 7 ስለዝዓደግክዎን ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹን ዝቃወም እንተሎ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ወሽጢ ሓደ ወርሒ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓኢታ ውሳኔ ሐዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይውቕርብ።

ኣነ ኣንገደም ገብረስላሴ ዘርኣይ

ኣነ ወ/ሮ ኣብባ ሃይለ ሓጎስ ዝተባሃልኩ ኑቲ ኣብ ከተማ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ሰሜናዊ ምብራቕ ምም. ከበ. ኣኽሪወል ዞባ 9 ምም/10 ጎደና ደባርቕ ነበር ቁጽሪ 5 ዝርከብ ብኮምሽን ኣባይቲ ብመወከሲ ቁጽሪ 107996/107997 ምስክር ዋንነት ቁጽሪ 100079 ብስም ወ/ሮ ኣብርሀት ተስፋይ ክንፈ ዝተዋህቦ ገዛ ካብ ወረስቲ ነፍ/ሄር ሃብተማርያም ሃይለ ክንፈ ወ/ሮ ዘውዲ ሃብተማርያም ሃይለ + 3 ስለዝዓደግክዎን ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹን ዝቃወም እንተሎ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ወሸጢ ሓደ ወርሒ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓኢታ ውሳኔ ሐዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን የቕርብ።

ወ/ሮ ኣብባ ሃይለ ሓጎስ

**Notice**

Notice is hereby given to the public that members of Adi Wegri P.L.C on their extraordinary meeting held on 4th July 2015 resolved that:

- They have appointed Ato Anwar Abdelkadr Mohammed as a manager of the company for indefinite period of time.
- The capital of the company increased by Nakfa 560,000(Five Hundred Sixty Thousand) in kind.

The company has a share capital of 2,170,000(Two million and One Hundred Seventy Thousand) Nakfa divided into 217 shares and the par value of each share is 10,000(Ten Thousand) Nakfa.

Thus Art.7 of the Memorandum of the Association is amended as follows;

| S/R | Name | Number of Shares | Value in Nakfa |
|---|---|---|---|
| 1. | Ato Girmay Hagos uqbu | 24 | 240,000 |
| 2. | W/ro Saba Kiflom Hagos | 35 | 350,000 |
| 3. | Ato Biniam Uqbe Uqbaslase | 31 | 310,000 |
| 4. | W/ro Almaz Afewerqi Weldeslase | 31 | 310,000 |
| 5. | W/ro Kudsan Uqbu Tedla | 31 | 310,000 |
| 6. | W/ro Lemlem Tesfamariam Habtemicael | 31 | 310,000 |
| 7. | Ato Anwar Abdelkadr Mohammed | 34 | 340,000 |
| | Total | 217 | 2,170,000 |

Adi Wegri P.L.C.

## Notice

SEGLELET Private Limited Company is Formed Between the following Eritreans.

| Name | Address | Shares | V/Shares in nakfa |
|---|---|---|---|
| Ato Belay Hailemariam Aradom | Asmara | 50 | 50,000.00 |
| Wt Aster Beyene Kidane | Italy | 50 | 50,000.00 |
| Total = | | 100 | 100,000.00 |

2.Capital of the Company is nakfa 100,000 with a per value of nakfa 1,000 for each share, all paid up in cash.
3.Business purposes;- General Trading;-
Import & Export ,whole sale and Retail Trade , Commission Agency & Representation,Manufactturing, Agriculture & Agro-Industry Travel agency.
4.Head office of the Company is in Asmara and Branch offices may be opened with in Eritrea.
5.Ato belay Hailemariam is appointed as manager of the Company for indefinite period.
6.The Company Is formed For unlimited period of time.

SEGLELET PLC

United Nations Development Programme

ፕሮግራም ልምዓት ውድብ ሕቡራት ሃገራት

برنامج التنمية التابع للأمم المتحدة

Empowered lives. Resilient nations.

# VACANCY ANNOUNCEMENT VA/02/2015

The United Nations Development Programme (UNDP) office in Asmara invites qualified applicants (Eritrean) for the following vacant post:

Post title: Local Security Assistant

Condition of employment: Fixed Term at ICS 6 Level

Duty Station: Asmara with frequent fried travel

Department: UNDSS

**Organizational Context**
Under the overall guidance and supervision of the Chief Security Adviser (CSA), the Local Security Assistant assists in the implementation of security operations and all matters relating to the management of safety and security for UN personnel in the country or in the region of assignment.

**Summary of key functions:**

- Assists CSA in collecting, updating and communicating information regarding the security situation in the operational area.
- Assists in maintaining the Security Plan, including updating staff lists.
- Supports the CSA with the assessment of Minimum Operational Security Standards (MOSS) for the duty station.
- Assists in reporting security incidents affecting UN staff, offices and assets.
- Organizes and delivers training courses on security awareness and preparedness.
- Assists in ensuring residential (Minimum Operating Residential Security Standards – MORSS) and office safety, and security preparedness.
- Provides general administrative assistance to the CSA.

MINIMUM QUALIFICATIONS
**Education:** Secondary education. University Degree desirable but not a requirement.

**Experience:** Six years' experience in the military, relevant private security or preferably from the police. Prior experience with the UN system is desirable but not a requirement. Some years' experience in a supervisory position is a requirement.
**Language requirements:** Fluency in spoken and written English

**Other Skills and Requirements:** Experience in police intelligence considered an asset. Good knowledge of host country security system. Solid computers skills (MS Word, Excel and PowerPoint). Possession of a valid driver's license. Ability to travel and physically fit

**Other considerations:** For more details please collect the Terms of Reference from the UNDP Reception Desk. Interested applicants should submit duly filled P11 form (available at the UNDP Reception Desk, UN Office in Asmara) and a detailed CV with supporting documents. Copy of document indicating exemption from/completion of national service should be sent to **UNDP Reception Desk, P.O. Box 5366, and UN offices, Asmara, Eritrea.**

UNDP will contact those who are considered Potential candidates. Closing date for the application is 10 days from the date of announcement.

"UNDP is an equal opportunity employer which strives to achieve overall balance in its staffing patterns"

# VACANCY ANNOUNCEMENT

**Rig Mechanic**

Colonnade Mining Group (Eritrea) Limited is seeking to hire a Drill Rig Mechanic, responsible for maintaining and repairing diamond and reverse circulation drilling machines. The post holder will also be responsible for maintenance of auxiliary equipment, including vehicles, pumps, generators, and any other equipment as needed. The role will be based at the drill site when the machines are working and in Asmara when the machines are dormant. The drilling machines run 24 hours a day so while at site, shift work will be required.

The successful candidate will have more than 5 years of experience in a mechanic's role with practical hands on knowledge of hydraulic systems and repair, and diesel engine expertise. The candidate will have worked on drill rigs before and understand the importance of being organized, familiar with inventory concepts, ordering spare parts and updating maintenance and service records. Experience with the well-known brands eg Caterpillar, Cummins is also desirable. Reporting to the operations manager or his designated representative, the candidate will also be required to demonstrate knowledge of mine health and safety standards, rig maintenance processes, and drilling equipment supplies.

**DUTIES AND RESPONSIBILITIES:**

- Maintenance of drilling rig, including management of maintenance schedule and completion of daily maintenance documentation and spares ordering
- Maintenance of auxiliary equipment eg vehicles, pumps, generators etc, as required
- Responsibility for servicing of equipment for external clients
- Good working knowledge of general equipment used in the mining and construction industries and welding expertise will be highly advantageous

This role requires an individual who is detail oriented, professional, responsible and who can work autonomously. Being able to think on your feet and comfort with documentation procedures is necessary.

**Other requirements**:

- Excellent communication skills
- Excellent written and spoken English skills, with additional skills a significant advantage
- Computer literate
- Candidate must have completed or be exempt from national service
- Compensation: Competitive

Please note applications will be received up to 30 days after the date of advertisement and only short listed candidates will be contacted.

**Address: Please send your applications to;**
**Colonnade Mining Group (Eritrea) Limited,**
**6th Floor, S.A. Building**
**189 Warsay Avenue, Tiravolo,**
**Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**

**Please send a copy of your application to**
**Aliens Employment Permit Affairs,**
**P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# Vacancy Announcement

Rora Private Health Service P.L.C is looking for Fulltime employees, who fullfil the following requirements .

**Casher**

Position -------------------------------- Cash collector

Qualification -------------------------- 12th Grade complete

Number ------------------------------- Two

Work Experience--------------------- If Available Advantageous

**N.B**

1. Interested applicants who fulfill the above requirements could submit an application attached with their C.V and credentials to the administration office of Rora Private Health Service P.L.C
2. Payment will be as per the scale of the private service.
3. Applicants should complete national service or should submit document of exemption.
4. This announcement is invalid after 10 working days from date of publishing in the local newspapers.

ጀማል መሓመድ ኣማን

# ስብርባር ናይታ ኣብ ሲናይ ዝተሓምሸሸት ነፋሪት ሩስያ ይርከብ




ስብርባር ናይታ ኣብ ሰናይ - ግብጺ ምስ በጽሐት፡ 224 ሰባት ጽዒና እንከላ ዝተሓምሸሸት ህዘቢ. እተመሓልስ ነፋሪት ሩስያ ከምእተረኽበ ንሰበስልጣን ኣብየሽን ግብጺ ብምጥቃስ ሺንህዋ ኣፍሊጡ፡፡

እቲ ኣብ ቻይና ዝመደበሩ ኣገልግሎት ዜና ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ፡ እቲ ዝተሰበረ ኣካላት ናይታ ኤየርባስ ዝዓይነታ ነፋሪት፡ ካብ ከተማ ኣል ዓሪሽ ንሸነኽ ደቡብ 35 ኪ.ሜትር ርሒቑ ከምእተረኽበ ሓቢሩ፡፡

እታ ኣብ ኣየር እንከላ ሓደጋ ዝበጠማ ነፋሪት ፍጹም ከምእተሓምሸሸትን ብዙሓት ካብኦም ተጓዓዝቲ ደማ ብቑልፊ ተኣሲሮም ኣብ ኩርሶም ተቐሚጦም እንከለዉ. ሂወቶም ከምዝሓለፉን ዝጠቕስ ሺንህዋ፡ ዝበዝሑ ካብኦም ግዱያት ሩሲያውያን ምኻኖም ኣብሪሁ፡፡

እታ 217 ጉያሾንሸውዓተ ሰራሕተኛታትን ጽዒና ካብ ሻርም ኣል ሸኽ - ግብጺ ዝቐለት ነፋሪት ናብ ከተማ ሳንት ፒተርስበርግ ኣብ እተምርሓሉ ዝነበረት እዋን ጠንቁ ብዘይተፈለጠ ምኽንያት ኣብ ኣየር እንከላ ተሰይራ ክትጥምዕ ከምዝጀመረት ንሰበ ስልጣን ሩስያ ብምጥቃስ በበሲ. ኣረዲኡ፡፡

ዕጡቕ ሓይሊ ዳዕሽ ንቲ መጥቃዕቲ ከምዝፈጸሞ ሓላፍነት'ኳ እንተወሰደለ፡ ፕረዚደንት ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን ግና ጠንቂ ሓደጋ ናይታ ብቑዳም 31 ጥቅምቲ ዝተሓምሸሸት ነፋሪት ብዋጪብጥ እንታይ ምኻኑ ንምፍላጥ መርመራ ክካየድ ብዝኣዘዞ መሰረት፡ ደሮ እቲ መስርሕ ምጽራይ ከምዝጀመረ ተፈሊጡ፡፡

# ዜና ብሓጺሩ

ኣብ ዛምብያ፡ ኣብ ሓደ ብቻይና ዝውሃን ትካል ዕደና ዝሰርሑ ሰለስተ ቻይናውያን መንኣዮም ብዘይተፈልጡ ሰባት ከምእተቐትሉን ሰለስተ ካልኦት ድማ ከምዝቑሰሉን ሺንህዋ ሓቢሩ፡፡

ኣየምሸዱሸተቻይናውያንሰራሕተኛታት ዕደና ግዳይ ሞትን መቑሰልትን ዝበጽሑ 'ገበኛታት' ቀጺሩ ዘይተፈልጠ ብርክት ዝበለ ገዛዊብ ሓዞም ከምእተሰውሩ'ውን እቲ ኣብ ቻይና ዝመደበሩ ኣገልግሎት ዜና ኣረዲኡ፡፡

ኤምባሲ ቻይና ኣብ ዛምብያ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ዜጋታቱ ዝወረደ ሓደጋ፡ ጨካንን ደይ መደይ ኢልካ ዝተፈጸመን ክብል ድሕሪ ምዂናኑ፡ መንግስቲ ዛምብያ ነቲ ጉዳይ ብዝምልከት ህጹጽ መርመራ ክካይድ ጸዊዑ ኣሎ፡፡

***

ብሸነኺ. ህዝባዊ ማሕበር ጆኣኪም ካብ ቅድሚ ሓደ ወርሒ ኣትሒዛ ደሃይ ኣጥፊኣ ናይ ዝጸንሐት ናይ ጽዕነት መርከብ ኣመሪካ ፍንጭልጫል ኣካላት፡ ኣብ ወሰናስን ባሃማ ከምእተረኽበ ኣመሪካ ሓቢራ፡፡

እታ 33 ኣባላት ጽዒና ካብ ፍሎሪዳ ናብ ፖርቶሪኮ እተምርሕ ዝነበረት መርከብ፡ ኣብ ከበቢ ደሴታት ባሃማ ኣብ ዝጸሓትሉ ሓደጋ ህቦባዊ ማዕበል ስለዘጋጠማ ጥሒላ ክትከውን ዘሎ ተኽእሎ ልዑል ምኻኑ'የም ሰቡመዛ. ኣመሪካ ክገልጹ ጸኒሖም፡፡

***

ኣብ ሮማንያ፡ ከተማ በካሬስት ብዘጋጠመ ሓደጋ ባርዕ 29 ሰባት ከምዝሞቱን ብደርዘናት ዝቑጸሩ ካልኦት ድማ ተወጺዖም ከምዝለዉን በበሲ. ሓቢሩ፡፡

በቲ ብዓርቢ. 30 ጥቅምቲ ኣብ ሓደ ክሉብ ለይታዊ ትልሂት ዘጋጠመ ሓደጋ ባርዕ ናይ ዝሞቱ ሰባት ቁጽሪ ብዕጽፊ ክውሰኽ ከምዝኽእል ድማ ሰበስልጣን'ታ ሃገር ኣፍሊጦም፡፡

ፕረዚደንት ሮማንያ ክላውስ ሎሃኒ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ክሉብ ለይታዊ ትልሂት ብቑዕ ናይ ድሕነት መሳለጥያታት ስለዘይነበሮ፡ ክንድዚኦም ዝኣኽሉ ዜጋታት ንኽቕዘፉ ምኽንያት ከምዝኾነ ገሊጹ፡፡

# ሶማል፡ ጀነራል ዝርከቦም 15 ሶማላውያን ብመጥቃዕቲ ቦምባ ተቐቲሎም



ኣብ ሶማል፡ ከተማ ሞቓድሾ ኣብ ልዕሊ ሓደ ዓቢ ሆቴል ብዝተኻየደ ናይ ቦምባ መጥቃዕቲ፡ ሓደ ጀነራልን ሓደ ኣባል ባይቶን ዝርከብዎም 15 ሰባት ከምእተቐትሉ በበሲ. ሓቢሩ፡፡

እቲ ጀነራል፡ መራሒ ናይቲ ኣብ 2011 ኣብ ልዕሊ ዕጡቓት ሶማል ዝተኻየደ ሰራሕ ወተሃደራዊ ወፍሪ ከምዝነበረ እቲ ማዕከን ዜና ኣፍሊጡ፡፡

እቶም ዕጡቓት ኣብ ክልተ መኪናታት ዝጸወዱዎ ቦምባ ፈንጂሮም ንቲ ሆቴል ምስ ኣዕነውዎ ብፊኮስቲ ብረት ተሓጊዞም ንቲ ህንጻ ከምዝጀምዎን ምስ ወተሃደራት ሕብረት ኣፍሪቃ ንኽልተ ሰዓታት ዝቐጸለ ጸዕቒ ምልውዋጥ ተኹሲ ከምዝካየዱን ካብታ ሃገር ዝተፈነወ ዜና ኣመልኪቱ፡፡

ናይቲ መጥቃዕቲ ሓላፍነት ዝወሰደ ዕጡቕ ሓይሊ ኣልሸባብ፡ ኣብ ልዕሊ ሶማላውያን ሰባት ንዘጋጥም ሓደጋ ሞትን መቑሰልትን ንምንካይ ንቲ መጥቃዕቲ ኣብ ሰዓታት ንግሆ ክካይዶ ከምዝወሰነን ዕላማኡ ምሉእ ብምሉእ ከምዝወቕዐን ገሊጹ፡፡

እቲ መጥቃዕቲ ቅድሚ ምፍጻሙ ቅድሚ ሓደ መዓልቲ ኣብ ዶብ ሶማልያን ኢትዮጵያን ኣብ እትርከብ ከተማ ባኩል ኣብ መንጎ ሓይልታት ሕብረት ኣፍሪቃን ዕጡቓት ሶማልን ሓያል ውግእ ክካየድ ከምዝቐጸለ በበሲ. ይሕብር፡፡

"ኩነታት ጸጥታ ሶማል ዝተመሓየሸ'ኳ እንተመሰለ፡ ዕጡቓት ኣልሸባብ ግና ኣብ ከተማ ሞቓድሾ ዳርጋ መዓልታዊ ዝተፈላለየ መጥቃዕትታት ካብ ምፍጻም ኣየዕረፉን ዘለዉ." ዝበለ በበሲ፡ እቶም ዕጡቓት ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት'ውን ተመሳሳሊ መጥቃዕቲ ይፍጽሙ ከምዝለዉን እቲ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ጋሪሳ ናይ ኬንያ ዘጋጠመ 150 ሰባት ዝቐዘፈ መጥቃዕቲ ሓደ ካብኡ ምኻኑን የረድእ፡፡

# ደቡብ ኮርያ፡ ጃፓንን ቻይናን ናጻ ንግዳዊ ዞባ ክምስርታ ተሰማሚዐን

መራሕቲ ደቡብኮርያ፡ ጃፓንን ቻይናን ብሰንበት 1 ሕዳር ኣብ ዘካየድዎ ርክብ፡ ን16 ሃገራት ዞባ ምብራቓዊ ኤስያ ዝጠርንፍ ናጻ ንግዳዊ ዞባ ክምስረት ዝከኣለሉ ባይታ ክጣጥሑ ከምእተሰማምዑ ተገሊጹ፡፡

ኣብቲ ኣብ ሶል - ርእሰከተማ ደቡብ ኮርያ ዝተኻየደ ርክብ፡ ሰለስቲኤን ማለት ደቡብ ኮርያ፡ ጃፓንን ቻይናን ብፍላይ ዘጠቓልሉ ናጻ ንግዳዊ ዞባ ክምስርታ ከምእተረዳድኣ'ውን ፕረዚደንት ደቡብ ኮርያ ፓርክ ገዋን ሄይ ሓቢራ፡፡

እቲ ብፕረዚደንት ደቡብ ኮርያ ፓርክ ገዋን-ሄይ ዝተመርሐ ዋዕላ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ጃፓን ሺንዞ ኣበን ቀዳማይ ሚኒስተር ቻይና ሊ ኬኸያንግን ክሳተፍዎ እንከለዉ፡ ብሰበስልጣንን ክኢላታትን ሰለስቲኤን ሃገራት ይቐጽል ከምዝሎ በበሲ. ኣፍሊጡ፡፡


ብ31 ጥቅምቲ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ቻይና ሊ ኬኸያንግ ኣብ ደቡብ ኮርያ ዑደት ኣብ ዘካየደሉ ምስ ፕረዚደንት'ታ ሃገር ፓርክ ገዋን ሄይ ታሪኻዊ ምኻኑ ዝተጠቕሰ ዝርርብ ኣካይዱ ከምዝካየደ ይግለጽ፡፡

ድሕሪ 2012 ተቛሪጹ ዝጸንሐ ርክብ መራሕቲ ቻይናን ደቡብ ኮርያን ንምዕባለ ዞባ ምብራቕ ኤስያ ብኣሉታ ክጸሉ ንዝጸንሐ ጸገማት ኣብ ምፍታሕ ልዑል እጃም ከምዝህልዎ'ዩ ዝሕብር፡፡

## ተወሳኺ

ምሉእ መዓልቲ ብዝወሰደን 50 ክኢላታት ብዝተሳተፉዎን መጥባሕቲ ኣብ ሓደ እዋን ኣርባዕተ ቅያር ኣካላት ከም ዝተኻየደ ተገሊጹ፡፡ እቲ ኣብ ከተማ ህዩስተን - ኣመሪካ መጥባሕቲ ዝተኻየደሉ ወዲ 55 ዓመት ጀምስ ቦያሰኑ ዓጽምን ቁርበትን ሽክና ዝተቐየረሉ ቀዳማይ ሰብ ኩይኑ ኣሎ፡፡

ኣብ ርእሱ ብዝወጽኦ መንሽሮ፡ ዓጽሚ ሽክናኡን ቁርበት ርእሱን ተባላሽዩ ዝጸንሐ ቦያሰኑ ብሸነኺ. እቲ ሕማም እውን ኩሊቱን ቁሽጠኡን ዓንዩ ስለ ዝጸንሐ፡ ብሓፈሻ ኣርባዕተ ናውቲ ኣካላት ብሓንሳእ ክቕየረሉ ከምዝበሮ ኣረዲኡ፡፡



ኣካላት ናይቲ ሕሙም ንቲ ሓድሽ ናውቲ ምእንቲ ከይጸግን ብሓባር ክለማመዶን ኩሉ'ቲ መጥባሕትታት ብሓደ መዓልቲ ክግበር ከምዝወሰኑ ኣብቲ ስራሕ ዝወዓሉ ክኢላታት ንማዕከናት ዜና ሓቢሮም፡፡

## ታጅመሃል

ታጅመሃል ሐደ ካብ'ቶም ሸሞንተ ኣገረምቲ ነገራት ኣለምና እዩ፡፡ ገለ ታሪኻውያን ኸም ዝበልዎ ትሕተ-ቐርጻዊ ጽባቔኡ እቲ ኽሱብ ሕጂ ተበጺሑ ዘሎ ምኻኑ ይሕብሩ፡፡ ንሱ፡ እቲ ኣገዙ ዝበለጸ ዋኒን ህዝቢ. ብሞጋጋልስ - መራሒ. ኣስልምና ኣብ ህንዲ ከም ኣተሰረሐ ይፍለጥ፡፡ ታጅመሃል ብምሉእ ጻዕዳ ሕብሪ እተወቐረ'ዩ፡፡ እቲ መሳጢ. ዝኾነ ትሕተ-ቐርጻዊ ጽባቔኡ ካብ'ቲ ልሙድ ዝኾነ ኣጕሊጻ ደቂ.ሰባት ብፍላይ ኣብ ወጋሕታን ዕራርቦን ፍሉይ ይገብሮ፡፡ ወርሒ. ደሚቓ ኣብ እትወጽኣሉ እዋን ታጅመሃል ከንጸብርቕ ይጅምር፡፡ በጺሕካ ከም ዝሕብርዎ፡ ኣብ ጥቓ ዝበዝሐ ንግሆ ካብ ኣብ ሰገር ዝርከብ ውሓዚ ጃሙና ምስ ኣትዕዚብ ታጅመሃል ዘንሳፍፍ ዘሎ'ዩ ዝመስል፡፡

ታጅመሃል ብመራሒ. እስልምና ሻሕ ጃሃን ንመዘከርታ ፍትውቲ ሰበይቱ ንግስቲ መሙታዝ መሃል ኣብ ኣጀራ'ህንዲ እዩ ዝተሰርሐ፡፡ ገለ ሰባት እዚ. መግለጺ. ሕልሚ'ዩ ይብሉ ንታጅመሃል፡፡ ታጅመሃል ሰባት ኣብ ልዕሊ. ምድሪ ዝቐበርሉ ቦታ'ዩ፡፡ ናይ ንግስቲ ሙምታዝ መሃል መቃብር'ውን ንባዕሉ ኣብ ታሕተዋይ ኽፍሊ ናይ'ዚ. ቦታ እዩ ዝርከብ፡ ጸኒሑ'ውን መቓብር ሻሕ ጃሃን ተወሲኽዎ እዩ፡፡ ቐንዲ ሽም ንግስቲ ኣርጁማንድ ባኑ ከም ዝበረ ይፍለጥ፡፡ ኸም ባህሊ. ሚጋልስ ኣገደስቲ ደቂ-ኣንስትዮ ናይ'ቲ ንግስነት ኣብ እዋን መርዓ ወይ'ውን ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ተወሳኺ. ሽም ይወሃባን ነይሩ'ዩ፡፡ እዚ. ሽም እዚ. ከኣ መብዛሕተኡ እዋን ብህዝቢ. ፍሉጥ ይኸውን፡፡

ቀንዲ. ሽም ሻሕ ጃሃን ሻሃብኡዲ-ዲን ከመዝበረ ይፍለጥ፡፡ ቅድሚ ምንጋሱ ኣብ 1628 ውን ብ ፕሪንስ ኩህራም ይፍለጥ ነበረ፡፡